# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.231 ረቡዕ 28 ግንቦት 2025 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2
ሓጺር ዝኽሪ ህይወት



ገጽ 3



ገጽ 4




ገጽ 5
ጽምብል ኮማዊ ዳሳት . . .



ገጽ 11
ባጽዕ - ውድድር ቅድድም ብሽክለታ ተዛዚሙ



# መራሕቲ ሓያሎ ሃገራት፡ ናይ ዮሃና መልእኽቲ ሰዲዶም



መራሕቲ ሱዳን፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ማልታ፡ ሞንጎልያ፡ ንግስነት የርዳኖስ፡ ረፓብሊክ ብሩንዲ፡ ረፓብሊክ ቤኒን፡ ረፓብሊክ ማልዲቭስ፡ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ ረፓብሊክ ሰርብያ፡ ረፓብሊክ ኒካራግዋን ረፓብሊክ ግሪኽን፡ ብምኽንያት መበል 34 ዓመት ጽንብል ናጽነት፡ ናብ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ናይ የሃና መልእኽቲ ሰዲዶም።

ኣቦ-መንበር ልኡላዊ ባይቶ ሱዳን ጀነራል ዓብዱልፋታሕ ኣልቡርሃን፡ ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት ኣንቶንዮ ጉተረሽ፡ ልኡልን ዋና ኣመሓዳሪን ማልታ ጆን ዳንሎፕ፡ ፕረዚደንት ሞንጎልያ ኹሬልሱኽ ኡኽና፡ ንጉስ የርዳኖስ ዓብደላ ዳግማዊ፡ ፕረዚደንት ረፓብሊክ ብሩንዲ ኤቫርስተ ንዳዪሺሚዬ፡ ፕረዚደንት ረፓብሊክ ቤኒን ፓትሪስ ታሎን፡ ፕረዚደንት ረፓብሊክ ማልዲቭስ ዶ/ር መሓመድ ምዊዙ፡ ፕረዚደንት ሕቡራት ኢማራት ዓረብ መሓመድ ቢን ዛይድ ኣልናህያንን ኣቦ-መንበር ባይቶ ሚኒስተራትን ጉዳይ ዱባይን መሓመድ ቢን ራሺድ ኣልመክቱምን፡ ፕረዚደንት ረፓብሊክ ሰርብያ ኣለክሳንደር ቩቺች፡ ፕረዚደንት ረፓብሊክ ኒካራግዋ ዳኒኤል ኦርቴጋ፡ ከምኡ'ውን ፕረዚደንት ረፓብሊክ ግሪኽ ኮንስታንቲን ታሱላስ ኣብ መልእኽቶም፡ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ምስእ ጥዕና፡ ንኤርትራን ህዝብን ድማ ራህዋን ብልጽግናን ተመንዮም።

እቶም መራሕቲ ብስም መንግስታቶምን ህዝብታቶምን ከምኡ'ውን ብስሞም ኣብ ዝሰደድዎ መልእኽቲ፡ ምስ ኤርትራ ኣብ ምምዕባል ክልተኣዊ ዝምድናን ምትሕግጋዝን ከምኡ'ውን ሓባራዊ ኣገዳስነት ኣብ ዘለዎ ጉዳያት ብሓባር ክሰርሑ ዘለዎም ድሌት ገሊጾም።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ዋና ዳይረክተር ውድብ መግብን ሕርሻን ሕቡራት ሃገራት (FAO) ኣብ ዝሰደዶ መልእኽቲ፡ ንኤርትራን ህዝብን ሰላምን ብልጽግናን ተመንዩ።

ኣቦ-መንበር ልኡላዊ ባይቶ ሱዳን ጀነራል ዓብዱልፋታሕ ኣልቡርሃን ብተወሳኺ፡ ኣብ መንጎ ሱዳንን ኤርትራን ዝሎ ድልዱል ሕውነታዊ ዝምድና ብምጥቃስ፡ ንክልቲኡ ህዝብታት ብዝርብሕ ምትሕግጋዝ ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ንምምዕባሉ ዝሎ ድሌት ሃገሩ ኣረጋጊጹ።

# ስነ-ስርዓት ቀብሪ ሚኒስተር ዞባዊ ምምሕዳር ሓርበኛ ወልደንኪኤል ኣብርሃ ብኽብ ዝበለ ስነ-ስርዓት ተፈጺሙ

ስነ-ስርዓት ቀብሪ ሚኒስተር ዞባዊ ምምሕዳር ጉዳም ተጋዳላይ ወልደንክኤል ኣብርሃ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን መንግስትን ግንባርን ከምኡ'ውን ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ህዝቢ ኣብ ዝተረኽብሉ፡ ትማሊ 27 ግንቦት ሰዓት 10:00 ቅድሚ-ቀትሪ ኣብ መካነ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ብኽብ ዝበለ ስነ-ስርዓት ተፈጺሙ።

ኣብ 1961 ኣብ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ (ሓራካ) ተወዲቡ ፖለቲካዊ ቃልሲ ዝጀመረ ሓርበኛ፡ ኣብ 1974 ድማ ኣብ መሳርዕ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ሓርበኛ ወልደንክኤል፡ ክሳብ 1979 ኣብ ክፍሊ ህዝቢ ሓላፊ 06 ኮይኑ ኣስመራ ኩይኑ ከገልግል ድሕሪ ምጽናሑ፡ ኣብ 1979 ኣብ ዝተቓንዐ ማሕበር ሰራሕተኛታት ኤርትራ፡ ኣቦ-መንበር ኩይኑ ተመሪጹ። ክሳብ 1987 ከኣ ብዚ መዝነት'ዚ ኣብ ወሽጢ ሃገርን ወጻእን ሰሪሑ። ጉዳ-ጉዳ'ዚ ኣቦ-መንበር ኣወሃሃዲት ኮሚቲ ናይ'ተን ዝነበራ ህዝባውያን ማሕበራት ብምዃኑ፡ ኣብ ምሕያል ውዳበታትን ምንቃሕ ዜጋታትን ልሉይ ኣበርክቶ ዝገበረ ሓርበኛዩ።

ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ውድባዊ ጉባኤታት ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብ 1994 ኣብ ዝተቓንዐ ሳልሳይ ውድባዊ ጉባኤ ድማ ኣባል ማእከላይ ባይቶ ህግደፍን ሃገራዊ ባይቶን ኩይኑ ዝተመርጸ ተጋዳላይ ወልደንክኤል፡ ድሕሪ ናጽነት ሓላፊ ብዓል-መዚ ወደባትን መጎዓዝያ ባሕርን፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ማእከል፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ጀርመን፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ሚኒስተር መጎዓዝያን መራኸቢታትን፡ ከምኡ'ውን ሚኒስተር ዞባዊ ምምሕዳር ብምዃኑ፡ ካብ 87 ዓመት ዕድመኡ እቲ 64 ኣብ ምምጻእ ናጽነት፡ ምኽባር ልኡላውነትን ህንጸት ሃገርን ዘወፈየ፡ ክሳብ ዕለተ ማዕረፍቱ ድማ ብኣርኣያነት ዝመርሐን ዘገልገለን ብዓል ሓዳርን ኣቦ ሰለስተ ውሉዳትን'ዩ።

ኣቦ'ቲ ብጣዕሚ ምረሻን ናይ ክብሪ ሰልፊን ዝተመርሐ ስነ-ስርዓት፡ ብስም መንግስቲ ኤርትራ - ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ብስም ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራሲን ፍትሕን - ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ኣቶ የማነ ገብረኣብ፡ ብስም ሚኒስትሪ ዞባዊ ምምሕዳራት - ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ፡ ብስም ስድራ-ቤት ድማ ጓሉ መዋሊት ወልደንክኤል፡ ኣብ መቓብር ሰውእ ኣኽሊል ዕንባባ ኣንቢሮም።

ሚኒስተር ዞባዊ ምምሕዳር ጉዳም ተጋዳላይ ወልደንክኤል ኣብርሃ፡ ብ24 ግንቦት ኣብ መበል 87 ዓመት ዕድመኡ'ዩ ብሕማም ተሰዊኡ።



# ሓጺር ዝኽሪ ህይወት

## ገዲም ተጋዳላይ ሚኒስተር ዞባዊ ምምሕዳር ብጻይ ወልደንኪኤል ኣብርሃ

(ኣብ ስነ-ስርዓት ቀብሪ እተነበበ)

**ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን**

ሎሚ፡ ሓያል ፍቕሪ ህዝቢን ሃገርን፡ ብርቱዕ ባህገ ናጽነት፡ ክፅሙኡ'ውን እምነት፡ ተወፋይነትን ጽንዓት ኣብ ህዝባዊ ዕላማን ዝሕለሉ፡ ክብርታት ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ዝውንኑን ኣብ ሓያስቲ ወለዶታት ካብ ዘሰረጹን ብኣርኣያነት ዝጥቀሱ ባህራት፣ ብዝተወፋይነቱ፡ ፖለቲካዊ ብስለቱ፡ ብቐዓት መሪሕነቱን ተበፃወነቱን ዝልለ - ካብ ዕሽል ዕድመኡ ንዓወት ቃልስና ጉሉሕ ኣበርክቶ ዝገበረ፡ ገዲም ሓርበኛን ኣበጋታዊ መራሕን - ሚኒስተር ዞባዊ ምምሕዳር ኣቶ ወልደንክኤል ኣብርሃ፡ ብልዑል ክብሪ ንሰናብቶ ኣሎና።

ብ22 መጋቢት 1938፡ ካብ'ታ 8 ወሉዳት ዝፈረየት ስድራ-ቤት ኣቶ ኣብርሃ ዓንደሚካኤልን ወ/ሮ ትዕበ ጉብሩን ኣብ ኣስመራ ዝተወልደ ብጻይ ወልደንክኤል፡ ናይ መባእታ ትምህርቱ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ሕብረት፣ ማእከላይ ደረጃ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ቤት-ገርገሽ፣ ካልኣይ ደረጃ ድማ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ስቦላ ቪቶርዮ (ደሓር ልኡል መኮነን) ተኸታቲሉ።

ካብ 1957 ክሳብ 1958፡ ኣብ ማእከል ምድላው መምህራን (ቲቲሲ) ተጸንቢሩ ብሰርቲፊኬት ድሕሪ ምምራቑ ከኣ ካብ 1960 ክሳብ 1964 ኣብ ምምህርና ዓለም ተዋፊሩ፡ ኣብ እምባይቶ፡ ሸማንገስ ላዕላይ፡ እምባደርሆ፡ ወኪ ን ዓዲ-ተከሌዛንን ሰሪሑ። ኣብ ኩሎ እግሪ'ውን ፍሉይ ተገዳስነት ስለዝነበሮ፡ ካብ 1955 ክሳብ 1964 ምስ ጋንታታት ሰንሒት፡ ሳምዛ ሱሓርቲ፡ ፎሮብያን ስቴላ ኤርትራን ተጻዊቱ።

ልዑል ባህጊ ትምህርቲ ዝነበሮ ሓርበኛ ወልደንክኤል፡ ካብ 1966 ክሳብ 1967 ኣብ ካይሮ ካብ ዝርከብ ላዕለዋይ ኢንስቲትዩት ፖሊቴክኒክ፡ ብኣርክቴክቸር ናይ ሓደ ዓመት ትምህርቱ ብዓወት ዛዚሙ። ጎኒ-ጎኒ'ዚ፡ ከም ኩሎም ናይ'ቲ መድረኽ መንእሰያት፡ ኣብ ፖለቲካዊ ቃልሲ ንናጽነት ኤርትራ ክሰተፍ ጀሚሩ።

ካብ 87 ዓመት ዕድመኡ እቲ 64 ኣብ ቃልሲ ንሃገራዊ ናጽነትን ህንጻት ሃገርን ዘሕለፈ ሓርበኛ ወልደንክኤል ኣብርሃ፡ ንተወፋይነትን ጅግንነትን ኤርትራውያን ተቓለስቲ ብልክዕ ዝውክል'ዩ። ሓደ ካብቶም - ክሳብ ዕለተ ዕረፍቶም፡ ሃንቀውታ ህዝቢ ንምስማር፡ ብዘይጸዓድ ሕልናን ኒሕን ከቢባ ዘተቓለሱ፡ ሓያል ፍቕሪ ህዝቢን ሃገርን ዝውንኑ ደቂ'ዛ ሓላል መሬት'ዩ። ካብ 1961 ክሳብ 1964 ኣብ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ (ሓራካ) ተወዲቡ፡ ኣብ'ቲ ኣብ ኣስመራ ዝነጥፍ ዝነበረ ምንቅስቓሳት ከም መራሒ ጉጅለ ብምኻን ዝፈለጦ ፖለቲካዊ ቃልሲ፡ ክሳብ'ቲ ሜዳ ኣትዩ ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተጸንበረሉ 1974 ከኣ፡ ኣብ ሱዳንን ግብጽን ቀጺልዎ።

ኣብ 1962 ብጻይ ወልደንክኤልን ብጾቱን፡ ኣንጻር መግዛእታዊ ስርዓት ሃይለስላሴ ተቓውሞታት ብምስማዕ ንምቅላሱ፡ "ድሌት ህዝቢ ኤርትራ ናጽነት'ዩ፣ ረፈረንደም ንህዝቢ ይገበር፣ ሕብረት ምስ ኢትዮጵያ ንቃወም" ዝብል ዝርከቦ ጭርሖታት ኣልዒሎም ብትግርኛ፡ ዓረብኛን እንግሊዝኛን ተቓውሞኦም ብምግላጾም፡ ን3 ኣዋርሕ፣ ኣብ 1963 ድማ ብዝተመሳሰለ ን4 ኣዋርሕ ኣብ ካርሸሊ ተኣሲሩ።

ካብ'ዚ ምስ ወጸ፡ ኣብ 1964 ምስ ገለ ብጾቱ ብምምርሒ 'ሓራካ' ናብ ሱዳን'ዩ ኣምሪሑ። ኣብኡ 'ምንቅስቓስ ሰምረት ኤርትራውያን ንናጽነት' ብምቛም፡ ካብ 1964 ክሳብ 1965 ኑቲ ኣብ ሱዳን ዝነበረ ኤርትራዊ ኣብ ምጉስጓስን ምውዳብን ክዕጥፉ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብጻይ ወልደንክኤል፡ ካብ መወዳእታ 1965 ክሳብ 1969 ናብ ግብጺ ብምምራሕ፡ ኣቦ-መንበር 'ማሕበር ኤርትራውያን ንናጽነት' ብምዃን መሪሕዎ።

ሓርበኛ ወልደንክኤል ኣብርሃ፡ ካብ 1970 ክሳብ ፈለማ 1974 ኣብ ትሕቲ ጽላል ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ፡ ናብ ምዕራብ ጀርመን ብምምራሕ፡ ኣባል ላዕለዋይ ኮሚቴ 'ማሕበር ኤርትራውያን ንናጽነት' ኣብ ኤውሮጳ ብምዃን ቃልሱ ቀጺሉ። እቲ ማሕበር ኣብ ኤውሮጳ ሓይሉ ምስ ደልደለ ድማ፡ ተልእኾኡ ዛዚሙ ናብ ሜዳ ኣትዩ።

ስወእ ወልደንክኤል ኣብ ኤውሮጳ ኣብ ዝነበረሉ፡ ካብ ወርሒ ነሓሰ 1970 ክሳብ 1973 ኣብ መኒክ፡ ኑረምበርግ፡ ፓሪስን በሎኛን ንዝተቓነዐ ኣርባዕተ ጉባኤታት ኤርትራውያን ተመሃሮን ሰራሕተኛታትን ኣብ ምውዳብ፡ ምምራሕን ምእላይን፣ እቲ ውሱን ዝነበረ ምንቅስቓስ ሰፊሑ ህዝቢ ንክውደብን ንኽነቓሕን፣ ከምኡ'ውን ውዳበታትን ጽልዋን ናይ'ቲ ወልዶ ቅኑዕ መስመር ህዝባዊ ሓይልታት ንምስፋሕ፡ መሪሕ ተራ ዝነበሮ ብጻይ'ዩ።

ብጻይ ወልደንክኤል፡ ኣብ ወርሒ ሚያዝያ 1974 ክሰለፍ ናብ ሜዳ ምስ ወጸ፡ ኣብ ገርግር ኣስመራ ናይ ሰለስተ ኣዋርሕ ታዕሊም ድሕሪ ምቕሳም፡ ኣብ ህዝባዊ ምምሕዳር'ዩ ተመዲቡ። ክሳብ 1979 ከኣ ኣብ ክፍሊ ህዝቢ ሓላፊ 06 ከባቢ ኣስመራ ኮይኑ ኣገልጊሉ። ኣብ 1979 ኣብ ዝተቓንዐ መስረቲ ጉባኤ ማሕበር ሰራሕተኛታት ኤርትራ ድማ፡ ኣቦ-መንበር ኮይኑ ተመሪጹ። ክሳብ 1987 ከኣ በዚ መዝነት'ዚ ኣብ ወሽጢ ሃገርን ወጻኢን ሰሪሑ። ጎኒ-ጎኒ'ዚ፡ ኣቦ-መንበር ኣወሃሃዲት ኮሚቴ ናይ'ተን ዝነበራ ህዝባውያን ማሕበራት ብምዃኑ፡ ኣብ ምሕያል ውዳበታትን ምንቃሕ ዜጋታትን ልሉይ ኣበርክቶ ገይሩ።

ብድሕሪ'ዚ፡

. ካብ 1987 ክሳብ 1991 ጸሓፊ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር፣

. ካብ ሰነ 1991 ክሳብ ታሕሳስ 1994 ሓላፊ ብዓል-መዚ ወደባትን መጉዓዝያ ባሕርን፣

. ካብ ጥሪ 1995 ክሳብ ነሓሰ 1997 ኣመሓዳሪ ዞባ ማእከል፣

. ካብ መስከረም 1997 ክሳብ ሕዳር 2000 ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ጀርመን፣

. ካብ ታሕሳስ 2000 ክሳብ ለካቲት 2003 ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፣



. ካብ መጋቢት 2003 ክሳብ ግንቦት 2014 ሚኒስተር መጉዓዝያን መራኸቢታትን፣

. ካብ ሰነ 2014 ክሳብ ዕለተ መስዋእቱ ድማ ሚኒስተር ዞባዊ ምምሕዳር ኮይኑ፡ ብኣርኣያነት መሪሑን ኣገልጊሉን።

ብጻይ ወልደንክኤል፡ ኣብ'ዚ ኣብ ምምጻእ ናጽነት፡ ምኽባር ልኡላውነትን ህንጻት ሃገርን ዘሕለፎ ልዕሊ ሰለስተ ርብዒ ካብ ዕምሩ፡ መደብት ኣብ ምውጻእ፡ ምክትታልን ምትግባርን ብፍሉይ ዝልለ ሓርበኛ'ዩ ነይሩ።

ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ውድባዊ ጉባኤታት ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ህዝባዊ ግንባር፣ ኣብ 1994 ኣብ ዝተቓንዐ ሳልሳይ ውድባዊ ጉባኤ ድማ ኣባል ማእከላይ ባይቶን ሃገራዊ ባይቶን ኮይኑ ዝተመርጸ ተጋዳላይ ወልደንክኤል ኣብርሃ፡ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ 1993 ብስርዓትን ወግዒን ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ምስ ብጸይቱ ተጋዳሊት ልኡል ሃብተ ቃል-ኪዳን ዝኣሰረ፡ ብዓል ሓዳርን ኣቦ ሰለስተ ውሉዳትን'ዩ።

ኣብ ወርሒ ሕዳር 2007 ኣብ ዝሃቦ ቃለ-መሕትት፡ ብጻይ ወልደንክኤል፡ "ኣነ ኣብ ህዝባዊ ግንባር ምስ ተጸንበርኩ'የ ዝያዳ ተማሂረ፣ ምስ'ቶም ኣብ ኩሉ መዳያት ቃልሲ ዝነበሩ ብጾት ሓደ ክምስል ዝኸኣልኩ። ኩሉ ጠንቂ ኣፈላላይ ዝኸውን ትሕተ-ሃገራውነት ወጊደ፡ ኤርትራን ኤርትራውነትን ከም ናይ ሓባር ማእከል ገይርካ ክትቃለስን ክትቃለስን ምኽኣል፡ ናይ ዝጠዓለ ኣብል ዘይዛልቕ ዕጥቂ ስለዝነበረ፡ ኣብ ናይ መወዳእታ ሹቶ ክበጽሕ ተኻኢሉ" ክብል፡ ንክብሪታት ህዝባዊ ግንባርን ዝተቓለሰሉ ዕላማን ብወርቂ ቀለም ሰፊርዎ ይርከብ።

ተጋዳላይ ወልደንክኤል ኣብርሃ፡ ብልዑል ፍቕርን ተወፋይነትን - ምሉእ ዕምሩ ስለ ህዝቢን ሃገርን ተበጂዩ ከገልግል ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብዘጋጠሞ ሕማም ኣብ ወሽጢ ሃገርን ወጻኢን ሕክምናዊ ናብዮት ክግበረሉ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብ24 ግንቦት 2025 ተሰዊኡ። ሎሚ 27 ግንቦት 2025 ድማ፡ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ላዕለዎት ሰብ-ስልጣን መንግስቲን ግንባርን፡ ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ቤተ-ሰቡ፡ መቓልስቱን ብኣሽሓት ዝቑጸር ህዝብን ኣብ ዝተረኽብሉ፡ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ፡ ብኽብሪ ዝበለ ስነ-ስርዓት ሓመድ ኣዳም ለቢሱ።

ከም'ዚ ዝበለ ክቡር ብጻይ፡ ዓቢ ኣድሪን በሊሕ መራሒን ኣብ እነፋንዎሉ ዘሎና ህሞት፡ ከም ስድራ-ቤት፡ ፈተውቱ፡ መቓልስቱ፡ መሳርሕቱን ሃገራውያንን ከቢድ ሓዘን ክስመዓና ንቡር'ዩ። እንተኾነ፡ ንብዓትናን ሓዘናን ንውሽጢ ገይርና፡ ኣብ ዝተዋህቦ ዕምሪ ስለ ጥንዔራን ሪምን ንዝገበሮ ብኣርኣያነት ዝጥቀስ ሞያን ኣበርክቶን ብዓቢኑ እናስተንተንና፡ ከምኡ'ውን ንዝተሰዋኣሉ ዕላማ ኣብ ምዕራፉ ንምብጻሕ መብጽዓና እናሓደስና፡ "ብሰላም ዕረፍ ብጻይ" እናበልና ንሰናብቶ ኣሎና።

መንግስቲ ኤርትራን ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን፡ ብመስዋእቲ ገዲምን ወፋይን ተቓላሳይን ኣበጋታዊ መራሒን - ሚኒስተር ዞባዊ ምምሕዳር ወልደንክኤል ኣብርሃ ዝተሰመዖም መሪር ሓዘን እናገለጹ፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ፡ ከምኡ'ውን ንስድራቤቱን መቓልስቱን "ጽንዓት ይሃብኩም፣ ጽንዓት ይሃብና" ይብሉ።

**ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና!!**

**ዓወት ንሓፋሽ!**

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም | ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ | ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.163471-07588045

ምልክታ
ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

# ስነ-ስርዓት ቀብሪ ገዲም ሓርበኛ ተጋዳላይ ሚኒስተር ወልደንኪኤል ኣብርሃ
















ስእሊ- ታእዛዝ ኣብርሃ
ኣብርሃም ብየነ
ኣቤል በረኸት

ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ

# ካብ ሰነዳት ስውእ ሓርበኛ ተጋዳላይ ሚኒስተር ወልደንኪኤል ኣብርሃ

















ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ

ስእሊ- ኣርካይቭ ጨ/ስእሊ
ካብ ስድራቤት

ሪፖርታዥ

# ጽምብል ኮማዊ ዳሳት፡ ኣብ ጎዳይፍን ቀሓውታን



ማርታ ክብሮም

ኮማዊ ምምሕዳር ከባቢ ማይ ዓይኒ - ጎዳይፍ፡ ንመበል 34 ዓመት መዓልቲ ናጽነት ብ23 ግንቦት ብዝተፈላለዩ ስነጥበባዊ መደባት ተሰንዩ ብድሙቕ ኣገባብ ጸንቢሉ፡፡ እቲ ብበርቲ ከባቢ ኣደታት፡ ኣቦታትን ተማሃሮን ዝወቀበ መደብ፡ ክብርን ርዝነትን ናጽነት ዘጉልሕ ነይሩ፡፡

መደብ ሰዓት 11 ቅድሚ ቀትሪ ብዘኸብረ ሰማእታት እዩ ተኸፊቱ፡፡



በራኺ ኣብርሃም



ፍረወይኒ ዘካርያስን ፍረወይኒ ፍስሃየን



ብርኽቲ ገብረገርግሽ

ድሕሪ ናይ ምሳሕ መደብ፡ ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ማይ ዓይኒ - ንኡስ ዞባ ጎዳይፍ ኣቶ ተስፋጽዮን ተስፋጋብር ኑቲ ዕለት ዝምልከት ቃል ኣስሚዖ፡፡ ንሱ፡ 'እንቋዕ ናብ መበል 34 ዓመት ናጽነትና ኣብቅዓና' ድሕሪ ምባል፡ ናይ ሎሚ ዓመት ናጽነትና፡ ንኹሉ ተጻብኦታት መኪትና ብኽልተ እግርና ደው ኣብ ዝበልናሉ መድረኽ፡ 'ማስመርና ድርዕና' እናዘመርና ንጽምብሎ ስለ ዘለና፡ 'የሃና' ኢሉ፡፡ ብሕጂ ንዝመጽእ ዝኾነ ተጻብኦታት'ውን ልምዓታዊ መኸተና እናካየድና፡ ብሓያል ቅልጽምና ንምምካቱ ድልውነትና ነረጋግጽ ኢሉ፡፡ በዓል ናጽነት ንምድማቕ፡ ብበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ማይ ዓይኒ - ጎዳይፍ ተዳልዩ ዘሎ ኮማዊ ዳስ ድማ፡ ንበዓል ናጽነት ብዝበቅዕ ኣገባብ ዝተዳለወ፡ ነበርቲ ምስ ደቆም ሓቢሮም ክቕደሱን ክዘናግዑን ዕድል ዝፈጠረ ብምዃኑ፡ እቲ መደብ ዕዉት ንክኸውን ብኹሉ ንዝጸዓቱ ኮሚቴን ሰራዊትን ኣመስጊኑ፡፡

ድሕሪ'ዚ፡ ብተማሃሮ መባእታ ቤት ትምህርቲ ጎዳይፍ፡ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ቤት ትምህርቲ መረብን ጉጅለ ባህሊ ስምረትን ዝተፈላለዩ ስነ ጥበባዊ መደባት ቀሪቡ፡፡

መጀመርታ ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ መረብ ግጥምን ደርፍን ኣቕሪቦም፡፡ ህጻን ኮኾብ ባህታ፡ 'ጥንዴራይ' ዘርእስታ ኑቲ መዓልቲ ትውክል ግጥሚ ኣቕሪባ፡፡ ገለ ካብ ትሕዝቶ እታ ግጥሚ፡

ጥንዴራይ ስሌኺ ዝሓለፉ ብዙሓት ስወኣት

ምእንቲ ሃገር ምእንቲ ወጹዓት

ኣቤት ሓቦ ጽንዓት

ንስኺ ኢኺ ክብርና መንነትና

ንስኺ ኢኺ ልዕሊ ኩሉ ኣብ ህይወትና

ኣብ ሕቑፎኺ ዝሓዝኪ ትሽዓት ብሂራት

ምእንታኺ ክብሉ ድሌቶም ዘወፍዩ ህይወትኪ ከለምልሙ ህይወቶም ዝወፈዩ . . . ዝብል ዘለዋ'ያ፡፡

ቀጺሉ፡ ኣባላት ቀያሕቲ ዕምባባ ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ መረብን ጎዳይፍን ኑቲ መዓልቲ ዝገልጽን ንህዝቢ ዘሰራሰርን ሃገራውያን ደርፍታት ኣቕሪቦም፡፡ ምስኡ'ውን ሓንቲ መንእሰይ ንልቢ ኩሉ ተሳታፊ ካብ ኮፍ መበሊኡ ሓፍ ዘበለት መሳጢት ግጥሚ ኣስሚዓ፡፡ ገለ ካብ ትሕዝቶ እታ ግጥሚ፦

. . . ንፍጡር ዘድልዮ ከም ዘይምልከተና

ባህሪ ዝሓቶ ስምዒት ቀቢርና

ኣይሓሰብናዮን ውላድ ክትርፍ

መጻብጦ ገድሊ ሰኒ ምንካስ'ዩ ነይሩ

ኣብ ማሕፉዳ ዓቕሊ ርሑቕ

ተጓዒዝና ርሑቕ ክቕርብ

ጸሓይ ኢና ኬንና ጸሓይና

ክይትዓርብ

ኣብዚ ነቓጽ ግዜ ግዜ ተፈራረድ

ህድሞና ክሰድድ ኣካልና ክሕረድ

ክምህ ኣይፀበልናን ኣብዚ እሳት መጋርያ

ደምና ኣብ መሬት ደምጻና ግና ሳሾያ

ዘይተጸዓደትን'ዩ ዓንዲ ህላወና

ኤርትራዊ ደብዘር ሓለውቲ ሰማእቲ

ንሱ'ዩ ጽንዓትና ዘማዙመና ርስቲ . . .

ኣብ መወዳእታ ንገለ ካብ ተሳተፍቲ እቲ መደብ ብዛዕባ እቲ መደብን ቅንያት ናጽነትን ርእይቶኦም ክህቡና ተወኪሰናዮም ነይርና፡

ፍረወይኒ ዘካርያስን ፍረወይኒ ፍስሃየን ፈለማ ዝተወከስናዮን ነይረን፡፡ ንሳተን፡ "ኮማዊ ዳሳት ማማሚቑ እዩ ዘሎ፡ ህዝቢ ድማ ብልዑል ሓጎስ እዩ ዘጽንብሎ ዘሎ፡፡ ናጽነት ካልኣይ የብላን፡ ስለዚ ዚ መደብ ንምኪያድ ኣቐዲምና ኢና ምድላው ጀሚርና፡፡ ወላ'ኳ ሃለኽለኽ እንተዝብር ከም ድኻም ግና ኣይጽብጸበን'ዩ፡፡ ስወኣትና እኳ ዚ ንኸምጽኡ ዋጋ ዝኸፈሉ፡ ንሕናኸ ክንደይ ኣጸቢቕና ዋጋ ዘይንኸፍል፡፡ እንቋዕ ናብ መበል 34 ዓመት መዓልቲ ናጽነትና ኣብቅዓና፡" ኢለን፡፡

ተጋዳላይ ኢሰያስ እምባየ ብወገኑ፡ "ኣነ ንብዓይ ክልተ ግዜ ከምዝተወለድኩ እየ ዝሓስቦ፡ ምኽንያቱ ኣብ ሜዳ ብዙሓት ብጾተይ ቀቢረ እየ ናጽነት ክርኢ በቒዐ፡፡ ኣነ ድማ ሓደ ካብቶም ኣብ 1991 ብበሎቦ ጎዳይፍ ዝኣተዉ ተጋዳላይ እየ፡፡ ሎሚ ድማ ኣብ ጎዳይፍ ኮይነ መዓልቲ ናጽነት ክጽንብል ምብቅዐይ ሓጎስ እዩ ዝስምዓኒ" ድሕሪ ምባል ንኹሉ እቲ መደብ ብጽቡቕ ንኽካየድ ብትግሃት ዝጸደያ ኣባላት ኮሚቴ ደቂ ኣንስትዮ ኣመስጊኑን ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ 'የሃና' ኢሉን፡፡

እቲ መደብ ብጉጅለ ባህሊ ስምረት ወቒቡ ድሕሪ ምውዓል ሰዓት 6 ድሕሪ ቀትሪ ብሃገራዊ መዝሙር ተዛዚሙ፡፡



ሕመረት ኣብርሃም



ኢሰያስ እምባየ

ምምሕዳር ከባቢ ቀሓውታ'ውን መበል 34 ዓመት መዓልቲ ናጽነት ብ23 ግንቦት'የም ብድሙቕ ኣገባብ ጸንቢሎም፡፡ እቲ መደብ ፋዱስ ብምሳሕ ምስ ዝጀመረ፡ ኣመሓዳሪ ምምሕዳር



ከባቢ ቀሓውታ፡ ኣቶ መሓሪ የማነ እዩ ኑቲ ዕለት ዝምልከት ቃል ኣስሚዑ፡፡

ኣቶ የማነ ንዕዱማትን ተሳተፍትን እቲ ጸንበል 'እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም' ምስ በለ፡ "ጽንብል መበል 34 ዓመት ዕለት ናጽነትና፡ 'ማስመርና ድርዕና' ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ብምዕሩግ ኣገባብ ክንጽንብሎ ከለና፡ ናጽነትና ብልዑል መስዋእትነትን ተበጃውነትን ሓርበኛታት ተጋደልትናን ህዝብናን ዝተረጋገጸት ምኳና ብምዝካር፡ መብጽዓና እነሐድሰላ ዕለት'ያ፡" ኢሉ፡፡

ቀጺሉ፡ "ዚ ጽምብል ዕለተ ናጽነት ብኸምዚ ድምቀት ንኽበዓል፡ ብጉልበቶምን ገንዘቦምን ንዝጸዓቱ ኩሎም ወገናት ምስጋናኡ ድሕሪ ምብጻሕ፡ ኑቶም ዋሕስ ሃገር ኮይኖም፡ ኣብ ኩሉ ኩርንዓት ሃገርና ዝርከቡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል መጒሱ፡፡

ኣካያዲት ስራሕ ምምሕዳር ከባቢ ቀሓውታ፡ ወ/ሮ ሕመረት ኣብርሃም ብወገና፡ ናጽነት ብቐሊል ዋጋ ዝመጸት ከምዘይኮነት ብምግላጽ፡ ጽንብል ናጽነት ኣብ ኮማዊ ዳስ ምምሕዳር ከባቢኦም ንምጽንባል ካብ ቅድሚ ወርሒ ኣትሒዘን ምድላዋት ክገብራ ከምዝጸንሓ፡ ተሳትፎ ነበርትን ህዝባዊ ሰራዊትን ድማ ኣብ ኩሉ መዳያት ንኡድ ከምዝነበረ ኣረዲኣ፡፡

ኣባል ኮሚቴ ምምሕዳር ቀሓውታ ኣቶ በራኺ ኣብርሃም፡ ንትርጉም ናጽነትን ርዝነት እቲ ዕለትን ኣመልኪቱ "ናጽነት ንዓይ ከቢድ ትርጉም እዩ ዘለዎ፡፡ ሳላ ናጽነት ኩሉ ጥዑም እዩ ኮይኑ፡ ቀደም ተኣኪብካ ምዕላል ዝከኣል ኣይነበረን፡ ኩሉ ህይወትና ፍርሒ ዝመልኦ'ዩ ነይሩ፡፡ ሕጂ ግን ኣብ ዝኾነ ቦታታት ሃገርና ንኽንከይድን ናጻ ኮይንና ክንዛረብን በቒዕና፡፡ እንቋዕ ናብ መዓልቲ ናጽነትና ኣብቅዓና፡" ኢሉ፡፡

ወ/ሮ ብርኽቲ ገብረገርግሽ ድማ፡ "ጽንብል መዓልቲ ናጽነትና ካብ ዓመት ናብ ዓመት ብዝበለጸ ኢና ነብዕሎ ዘለና፡፡ ንመበል 34 መዓልቲ ናጽነትና ድማ ብጽቡብ ዝበለ ኣገባብ፡ ምስ ህዝብናን ሰራዊትናን ኮይንና ኢና ንጽንብሎ ዘለና፡፡ ምረት መግዛእቲ ስለዝረኣና ናጽነት ካልኣይ የብላን፡፡ ሕጂ ከኣ፡ ኑቶም ምእንቲ'ዛ ሃገር በጃ ዝሓለፉ ኣሓትና፡ ኣቦታትናን ኣደታትናን ሰማእታት እናዘከርና ኢና ነሕልፎ ዘለና፡፡ ክብርን መጎስን ንሰማእታትና፡" ክትብል መልእኽታ ኣመሓላሊፋ፡፡



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላክ ሳምራዊት መለስ

**ASMARA MINING SHARE COMPANY**
**Abo Street, No. 178, House No. 16**
**Gejeret, P.O. Box 10688**
**Tel. ++291-1-153986**
**Asmara, Eritrea**

# VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;**

**Senior Maintenance Supervisor – Workshops**
**Number required – (01)**
**Type of contract – Definite For 2years**

**Major Duties and responsibilities**

- Assist the Maintenance Superintendent to recruit, train and mentor a Maintenance team who will deliver quality maintenance services to the fixed plant. In doing so, ensuring KPI's that facilitate sustained and productive operations are delivered.
- The role will organize day-to-day workshops and maintenance activities. Furthermore, the incumbent will oversee and inspect maintenance works to ensure safe and effective repair and servicing fixed plant equipment.
- This person will report to the Process Plant Maintenance Supt. and assist with various administrative and management functions.

**TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Planning, prioritizing, assigning, supervising, reviewing, and participating in all tasks related to maintenance.
- Responsibly handling emergency situations or after-hours calls for repair and maintenance
- Taking part in developing maintenance policies and standards for the organization
- Coordinating training sessions in maintenance, safety procedures, and methods
- Planning daily tasks and delegating them to Maintenance Technicians and other professionals
- Routinely inspecting various elements of the mechanical circuit.
- Keep in check and regulate budget and track maintenance expenditures.
- Regularly check and inspect the material and tools inventory and place orders when needed.
- Ensure compliance with quality, health and safety rules, guidelines, and regulations.
- Develop and maintain a planning and scheduling routine and preventive maintenance of equipment, prioritizing and estimating work and technical assistance when developing job plans.
- Manage, motivate, develop, and provide direct leadership to maintenance staff.
- Perform periodic inspections of recently maintained equipment to observe the quality of the maintenance performed and the operating condition of the equipment.
- Knowledge and experience to operate a Machining workshop including safe operation of lathes, shapers, milling machines, as well as complicated mechanical fitting procedures.

**Profile: Qualifications and Experience**

**Formal Education, Certifications or Equivalents**

- Trade Qualifications as a Fitter & Turner Mechanic or equivalent

Working Experience – Nature & Length

- 5 years' experience as a Senior Process Plant Maintenance Supervisor
- Familiarity with relevant health and safety standards and regulations.
- In-depth knowledge of different Fixed Plant Equipment i.e. Crusher, Mills, Conveyor belt, Pumps etc.
- Ability to co-ordinate shift crews and effectively manage shifts

Comply with all HS&E policies, procedures and instructions. Experience working in Africa

Technical Skills

- Experience in Slurry Pumps, Crusher, Mills, Conveyor belt and Floatation Cells structural steel, pipes and chute work.
- Train and develop local staff
- Analytical skills & Decision-making skills
- Plan, organize and execution skills
- Basic knowledge of CMMS systems & Proficient Microsoft skills
- Valid Driver's License

**Behavioral Skills**

- Safety leadership by example
- Strong Supervisory skills.
- Ability to work in developing countries
- Good Interpersonal skills
- Demonstrated team building and mentoring skills
- Strong interpersonal relationship-building skills and adaptability to work with people of different cultures.

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** AMSC Site
- **Type of contract:** Definite Period
- **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to;**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

## ሓራጅ

ብፍ/በ/መሳል መም/ግደይ ጉብረሃንስ፣ ብፍ/በ/ዕዳ ወ/ሮ ኣልማዝ ጉብረሃንስ +5፣ እቲ ናይ ውርሻ ገዘኦም ብማዕረ ክምቀል ስለ ዘይከኣለ፣ ተሰማሚዖም'ውን ክማቐሉ ስለ ዘይከኣሉ፣ ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ጎዳ ባሕሪ ስቴሽሪ ዝርከብ ኣብ 248.32 ት/ሜትሮ ዝተደኮነ ሽዱሽተ ቀንዲ (6) ሓደ ሓጋዚ ክፍሊ ዝሓዘ ብኽኢላ መሃንድስ 134.524.26 ናቕፋ (ሓደ ሚእትን ሰላሳን ኣርባዕተን ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን ዕስራን ኣርባዕተን ናቕፋን 26 ሳንቲምን) ስለ ዝተገምተ፣ ኣብዚ ሓራጅ ክውዓደር ዝደሊ፣ ቅድሚ ዕለተ ሓራጅ ዘሎ 5 መዓልታት (ሓሙሽተ) ጀሚሩ ናይቲ ክውዓደረሉ ዝደሊ መጠን ገንዘብ ብምጥቃስ ኣብ ዝተዓሸገ ፖስታ ብምግባር ኣብ ቤት ጽሕፈት ፈጻሚ ፍርዲ ዞባ ደቡብ መንደፈራ ኣብ ዝተዳለወ ዕጹው ሳንዱቕ የእትዉ። ኣብዚ ናይ ዕለት ሓራጅ ናይ ዝተዋህበ ግምት ዋጋ ገንዘብ ደምር ሓደ ርብዒ (1/4) ብስም ፈጻሚ ፍርዲ መንደፈራ ኣብ ንግዳዊ ባንክ ኤርትራ መንደፈራ C.P.O ኣሰሪሑ ወይ ናይ ባንክ በኣ ብምቕራብ ክውዓደር ይኽእል።

ዕለት ሓራጅ፦ 4/7/2025
ሰዓት ሓራጅ፦ - 8:00-9:00
ቦታ ሓራጅ፦ - 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ ቁጽሪ 3

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወረ/ኻፍ ኪዳነ ሃብተስላሴ ወልዳይ ዘሮት ሚሮን ኪዳነ ሃብተስላሴ፡ ሳይሞን ኪዳነ ሃብተስላሴ፡ ሄርሜላ ኪዳነ ሃብተስላሴ፡ ሚካኤል ኪዳነ ሃብተስላሴ፡ ኣርሴማ ኪዳነ ሃብተስላሴ፡ ዓባይና ነ/ራት ደሃብ ቀሺ. ዓንደ ቀሺ. ሃይለ ስለዘዋረፈት፡ ንሕና ንኣቦና ኻፍ/ሄር ኪዳነ ሃብተስላሴ ተኪእና ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/32 ይቕረብ፡፡

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰልን ብፍ/ሰ/ዕዳን ዘሎ ናይ ፈጸሚ ክርክር፡ ብፍ/በ/መሰል፡ ብፍ/ሰ/ዕዳ ብጋዜጣ ተጸዊዖም ክቐርቡለን ስለ ዘመልከታ፡ ብፍ/ሰ/ዕዳ 1. ዋልታ ሙብራሀቱ 2. ዘርኣብሩኽ ሙብራሀቱ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ/33 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ይሕደጋ ተወልደመድህን ነጋሲ፡ ብዓል ቤተይ ኻፍ/ሄር መሓሪ ደባስ ጉልበት ብህይወት ከሎ ሰበዋ ጊዮርጊስ፣ ንሱ ከኣ 10 ቀንዲ ክፍልታት 8+ ሓገዝቲ ክፍልታትን ኣብ ኣስመራ ከባቢ ቀሓውታ ዞባ 3 ን/ዞባ 05 ከባቢ ጉዳይፍ ጎደና 173-2 ቁ/ገዛ 22 ሎታ 61 ፓርቸላ ኤን ዝርከብ ኣብ 500 ት/ሜ ዝተደኮነ ዋንኡ ዝኾነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ እቲ ፍርቂ ብጽሒቱ ን250 ት/ሜ ንዓይን ንወድና ሚሮን መሓሪ ደባስን ስለ ዝበለ፣ ሰበዋ ይጽደቐልና፡፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ/47 ይቕረብ፡፡

ኣብ መንጎ ይግባይ በዛሊት ምሕረት ተኸለዝጊን ወሃብቲ መልሲ ሰናይት ተኸለዝጊ +7ን፡ ኣብዚ ይግባይ ሰሚዒ ዞባ ማእከል ብይግባይ ደረጃ ይረአ ስለዘሎ፡ መልሲ ወሃብቲ ቁ.4 ኣሰኩሉ ተኸለዝጊ ቁ.5 ትርሓስ ተኸለዝጊ ቁ.6 ጎይትኦም ተኸለዝጊ ኣድራሻኦም ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዖም ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ይግባይበዛሊ.ወረ/ኻፍ/ሰመረጉብረማርያም 2. ኻፍ/ሄር ቀደሰ ዑቕባእንደርያስን 3. ስወእ ኣሰፋው ሰመረ ጉብረማርያም፣ መ/ወሃብቲ ኻፍ/ሄር ቀደሰ ዑቕባእንደርያስን ወረ/ኻፍ/ ሰመረ ጉብረማርያምን ኻፍ/ራት ቀደሰ ዑቕባእንደርያስን 1. የማነ ሰመረ ጉብረማርያም +4 ዘሎ ናይ ምቕሊት ውርሲ ፈጸሚ ጉዳይ፡ ወ/መልሲ ኣቶ ጉብረሚካኤል ሰመረ ጉብረማርያም ኣብ ልዕሊኹም ናይ ምቕሊት ውርሲ ፈጸሚ ጉዳይ ብይግባይ ደረጃ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን4/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ብፍ/ሰ/ዕዳ 1. ወረ/ኻፍ ተኸለ ጉብረየውሃንስ ራእሱ፡ ሰምረት ተኸለ ጉብረየውሃንስ፡ ሰመረ ተኸለ ጉብረየውሃንስ፡ ኣብርሃም ተኸለ ጉብረየውሃንስ፡ ኣንገሶም ተኸለ ጉብረየውሃንስ፡ 2 ወረ/ኻፍ ኣርኣያ ጉብረየውሃንስ ራእሱ፡ ጽግዝና ኣርኣያ ጉብረየውሃን፡ ኣሰኩሉ ኣርኣያ ጉብረየውሃንስ፡ ትሆኻስቲ ኣርኣያ ጉብረየውሃንስ፡ ሃብተም ኣርኣያ ጉብረየውሃንስ፡ ትርሓስ ኣርኣያ ጉብረየውሃንስ፡ ብመንገዲ ብፍ/በ/መሰል ወ/ሮ ሉቱ ጉብረየውሃን ራእሱ፡ ንፍጻሚ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ/39 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ኣብርሀት ተስፋየውሃንስ በርሀ፡ ኣደይ ብሂወት ኣብ ዝበረትሉ እዋን ን12/6/2011 ኣብ ቅድሚ 4+ መሰኻኽር፡ ንፍርቂ ብጽሒታ ኣመልኪታ ንኣብ 1. ኣብ ከተማ ኣስመራ ዝርከብ ብየገዚያዊ ምስክር ወረቐት ቁጽሪ 119626 ዋንነት ዝተረጋገጸሉ ዝተመዝገበ ቪላ ገዛ 2. ኣብ ከተማ ኣስመራ ዝርከብ ብየገዚያዊ ምስክር ወረቐት ቁጽሪ 119625 ዋንነት ዝተረጋገጸሉ ተራ ገዛ 3. ኣብ ከተማ ኣስመራ ዝርከብ ብየገዚያዊ ምስክር ወረቐት ቁጽሪ 119382 ዋንነት ዝተረጋገጸሉ ዝተመዝገበ ቪላ ገዛ 4. ኣብ ከተማ ኣስመራ ዝርከብ ብየጊያዊ ምስክር ወረቐት ቁጽሪ 119389 ዋንነቱ ዝተረጋገጸሉ ዝተመዝገበ ቪላ ገዛ 5. ኣብ ከተማ ኣስመራ ዝርከብ ብየገዚያዊ ምስክር ወረቐት ቁጽሪ 119390 ዋንነት ዝተረጋገጸሉ ዝተመዝገበ ቪላ ገዛ 6. ኣብ ከተማ ኣስመራ ዝርከብ ብየገዚያዊ ምስክር ወረቐት ቁጽሪ 530777 ዋንነት ዝተረጋገጸሉ ዝተመዝገበ ቪላ ገዛ 7. ኣብ ከተማ ኣስመራ ዝርከብ ብየገዚያዊ ምስክር ወረቐት ቁጽሪ 530777 ዋንነት ዝተረጋገጸሉ ዝተመዝገበ ቪላ ገዛ 8. ኣብ ከተማ ኣስመራ ዝርከብ ብየገዚያዊ ምስክር ወረቐት ቁጽሪ 530777 ዋንነት ዝተረጋገጸሉ ዝተመዝገበ ቪላ ገዛ 9. ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ዝርከብ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብንብረት ቁጽሪ 61738፡ 101714 ዝተመዝገበ ቪላ ገዛ ንዓይ ክኸውን፣ ዝንቀሳቐስ ንብረት ብዝምልከት 1. ናይ ገዛ ክራይ ኣታዊታት ንትሸዓተ ደቃ 1. ኻፍ/የማነ ተስፋየውሃንስ በርሀ 2. ኣቶ ኢሳቕ ተስፋየውሃንስ በርሀ 3. ወ/ሮ ታደሰት ተስፋየውሃንስ በርሀ 4. ወ/ሮ ልኡል ተስፋየውሃንስ በርሀ 5. ኻፍ/ራት በሊይሽ ተስፋየውሃንስ በርሀ 6. ወ/ሮ ኣብርሀት ተስፋየውሃን በርሀ 7. ወ/ሮ ኣልማዝ ተስፋየውሃንስ በርሀ 8. ኻፍ/ብርሃን ተስፋየውሃንስ በረሀ 9. ቢንያም ተስፋየውሃንስ በርሀ ክኸውን ሰበዋ ዝገደፈትልና ይጽደቐልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ብፍ/በ/ዕዳ ወረ/ኻፍ/ሄራት ሓረጉ ሃማርያም ኣቶ ተስፋማርያም ዑቕቢ፡ ብመንገዲ ፍ/በ/መሰል ኣቶ ኣፍወርቂ ሃብተማርያም ንፈጻሚ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ/39 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኸሊ

ከሳሲት ደርጋኣለም ተስፋማርያም ክፍሉ፡ ተኸሰስቲ 1. ጎይትኦም ጉብረመድህን 2.ሃብተኣብ ጉብረመድህን፡ ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ፡ ናይ ሰም ምትሕልላፍ መኪና ክሲ ተመስሪቱልኩም ስለ ዘሎ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ኤርትራ ሃብተማርያም ወልደትንሳኤ፡ ወኪል መርጌታ ሃብተማርያም፣ ተኸሳሲ ኣቶ ኣሮን ሃብተ ነጋሽ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ተጸዋዕቲ 1. ኣዜብ ወልደየውሃንስ 2. ሳህለ ወልደየውሃንስ 3. ኣስቴር ወልደየውሃንስ 4. ምናሴ ወልደየውሃንስ 5. ሃና ወልደየውሃንስ 6. ሶፍያ ወልደየውሃንስ 7. የዲት ወልደየውሃንስ 8. ኣልማዝ ወልደየውሃንስ 9. ብእምነት ወልደየውሃንስ 10. ወረ/ኻፍ ዳዊት ወልደየውሃንስ 11. ሻሎም ዳዊት 12. ሚርና ዳዊት 13. ጉብረኤላ ዳዊት ብኣመልከትቲ ወረ/ኻፍ/ሄር ደግያት ወልደየውሃንስ ጉብረዝጊ፡ ሉተብርሃን ዑቕባብርሄል፡ ኣቶ ኣብርሃም ዳዊት፣ ንጉዳይ ምቕሊት ውርሻ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ መልሲ ሒዝኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን5/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

የሴፍ ዳዊት እምባዩ፡ ተጸዋዕቲ 3. ስወእ ተስፋልደት ሃብተሚካኤል ተተኪኢት ዓወት ተስፋልደት፡ ኻፍ/ኣስገዶም ሃብተሚካኤል ተተኪኢ ኣሸናፊ ኣስገዶም፡ ወ/ሮ ሉተስላሰ ሃብተሚካኤል ወ/ሮ ሉተብርሃን፣ ናይ ወህብቶ ምጽዳቕ ክሲ ተመስሪቱልኩም ስለ ዘሎ፡ ን10/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቅረቡ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ኣዝመራ ዑቕባሚካኤል ክፍለማርያም፡ ብዓል ቤተይ ኻፍ/ብርኸ ኣብርሃም ጉብረመድህን ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ይ/በዛሊት ወ/ሮ ኑብያት ሙብራሀቱ፡ ወኪል ወ/ሮ ዛይድ በርሀ፡ ኣብ ቤ/ፍ/ዞ/ደ/ ደቀምሓረ ብቁ/09/25 ናይ ይግባይ መዝገብ ተኸፊቱለን ስለ ዘሎ፡ መ/ወሃቢ ኣቶ ተስፋይ ጉብረሚካኤል ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን11/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ሰም ት/ዕድመ ጓልይ ኣጻገብ ኣብርሃም ጉብረማስቀል ምባል ተሪፉ፡ ራህዋ ኣብርሃም ጉብረማስቀል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንሱራ

ኣብርሃ ተኸለማርያም ምባል ተሪፉ፡ ኣብርሀ ተኸሉብርሃን ወልደሚያም፡ ሰም ወላዲተይ ከኣ ኣልጋሽ ካፍል ተስፋገርግሽ ምባል ተሪፉ፡ ደሃብ ጉብረእግዚኣብሄር ኣብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሃይኮታ

ኣቶ ክብሮም ትኩእ ወልደኣብ ምባል ተሪፉ፡ ክብሮም ተኪኤ ወልደኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ መሓመድ ሓምድ ኢብራሂም ዐሰማን፡ ተጸዋዒ ኣቶ ሰሚር ያቆብ በረግ፡ ብዕለት 15/2/2014 ካብ ኣቶ ሰሚር ያቆብ በረግ መኪና ቤደፎርድ ቁ/ሰሌዳ ER-3-17097 ቁጽሪ ቻሲ. 451779 ብዋጋ 100,0000.00 ሽሕ ናቕፋ ውዕል መሸጣ መኪና ፈጺመለይ፣ ተጸዋዒ ብምሉኡ ገንዘቡ ተቐቢሉ ክንሱ ናብ ስመይ ከየሰጋገረለይ ኣድራሻኡ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ናብ ስመይ ከሰጋግራ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ይተኣወጀለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ኣቶ ዒሳ ዓሊ ካማሻይ ምባል ተሪፉ፡ ዒሳ ዓሊ ኮሚሳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መቓርካ

ወ/ሮ ክብራ ኪዳነ ተስፋይ፡ ተጸዋዒ ኣቶ ተኸለ ጉብረሃንስ መሓሪ፡ ጉዳይ ምጽዳቕ ፍትሕ ተኸፊቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

---

ብስም ትካል ሳልምባ ሓዝዞሞ ማ/ስ/ኩ/ኤ ዝተመዝገበ፡ ብቁ/ፍ/ዋኒን 00001996 ዝኾኑ፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ዝርከብ ናይ ቤ/መ/መስተን ትካለይ ንኣቶ /ወ/ሮ ሊባኖስ ፍስሃ ኣድራሻ ከተማ ከረን ከባቢ 4 ኣካርየ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልታት፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውምኡ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝዋብ ከም ዝፍጸመሉ ነፍልጥ፡፡

ትካል ሳልምባ ሓዝዞሞ ማሕበር ሰንኩላን
ሕጋዊ ወኪል ማሰረት

---

## ምልክታ ጨረታ

ኩባንያ ዕደና ኣስመራ ንሰራሕተኛታቱ ዝኸውን መግቢ ንሸዱሽተ ወርሒ ዝኾንሕ ብጨረታ ኣውዲዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ፣ ንግዱሳት ሕጋውያን ነጋዶ ንጨረታ ይዕድም፡፡

ዓይነት ንብረት

* ስጋ ደርሆ (chicken meat)

* እንቋቑሖ (ፍሩይ ደረጃኡ ዝሓለወ) ፍርያት ደርሆ ሆላንድ፡፡

ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም ቅጥዒ፡

* ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ ናይ 2024

* መረጋገጺ ወረቐት ካብ ዕዳ ነጻ (clearance) ኣታዊ ውሽጢ. ሃገር 2023 ሰነድ መኽፈሊ ግብሪ 2023ን፡፡

* መኽበሪ ጨረታ ንስጋ ደርሆን 30,000.00 ናቕፋ፡ እንቋቑሖ 50,000.00 ናቕፋ ብሲ.ፒ.ኦ (C.P.O) የትሕዙ፡፡

* ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ምስ ወጸ ን10 (ዓሰርተ) መዓልታት ስራሕ ክፉት ኮይኑ፡ ኣብ መበል 11 (ዓሰርተው ሓደ ) መዓልቲ ስራሕ፡ ሰዓት 10፡00 ቅ/ቀ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪልቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ቤ/ጽሕፈት ዕደና ኣስመራ ይኽፈት፡፡

* ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪልቶም ምስ ዘየርከቡ፡ ንዘቕረብዎ መወዳደሪ ሰነዳቶም ተረኺቦ፡ ምሉእ ሰነድ ምስ ዝኸውን ክውደደሩ ይኽእሉ፡፡

* መጫረቲ ሰነድ ካብ ቤ/ጽ ዕደና ኣስመራ C.P.O ብምርኣይ ክወስድ ይከኣል፡፡

* ተጫረትቲ ቀዳማይ ደረጃ ጠለብ ከቕርቡ ምዃኖም ፈሊጦም ዝ. ኣብ ግምት ዘእተወ ዋጋ ከቕርቡ ይግባእ፡፡

* ትካልና፡ ዝኾነ ዓይነት ኣሰቡዙ ንበቐዓቱ ዝምልከት ኣብ ሳይት ምስ ወረደ ከምዝርአየ፡ ብቐዓቱ ንዘይሓለወ ኣስቤዛ ደማ ናብ ኣቕረብ. ይመልስ፡፡

* ንተወሳኺ ሓበሬታ ብቑጽሪ ስልኪ 185556/57 ክትውከሱ ትኽእሉ፡፡

ኩባንያ ዕደና ኣስመራ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ነዚ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ኩባንያ ዕደና ኣስመራ

# ጸጋታት ባሕሪ

## ጥቕሚ ብፈሳሲ ዝሰርሕ ሓይሊ ኣብ ምግፋፍ ዓሳ (Hydraulic System)

ኣዶናይ ሚኪኤል

መንግስቲ ኤርትራ ካብ ጽባሕ ናጽነት ጀሚሩ ሓደ ካብቲ ዝዓበየ ዝሰርሓሉ፡ ስልጡን ሕብረተሰብ ምምስራት እዩ። ከም መርኣዩ ናቱ ድማ ኣብ ሓሊብ ናይ ዘመናውያን ገፊፍቲ ዓሳ ጀላቡ ዘፍሪ ትካል መስሪቱ። በብእዋኑ ከኣ ብዙሓት ጀላቡ ኣፍርዩን ኣብ ጥቕሚ ኣውዒሉን። እዚን ኣብዚ ትካል ዝሰርሓ ጀላቡ ቀንዲ ጥቕመን ሐዘንአ ዘለዋ ብፈሳሲ ዝሰርሕ ሓይሊ ንዝተፈላለየ ዓይነት ኣገባብ ኢጋፍፋ ዓሳ ከገልግል ዝኽእል ናውቲ መግፈፊ ዓሳ ዓጢቐን ብምህላወን እዩ። እዚን ዘመናውያን ጀላቡ ኣብ እትዋት ዓሳን ውሕስነቱ ዝተሓለወ ዓሳን ኣብ ምውሓስ ዓቢ ተራ ኣለወን።

ብፈሳሲ ዝሰርሕ ሓይሊ ኣብ ምግፋፍ ዓሳ ንጥቀመሉ ብዙሕ ጸብለልታ ካብ ኤለክትሪካዊ ሓይሊ፡ መካኒካዊ ሓይሊን ኤለክትሮመካኒካዊ ሓይልን ስለ ዘለዎ እዩ። ምኽንያቱ ድልዱል፡ ኣብ ግዜ ስራሕ ቀልጢፉ ዘይበላሾ፡ ኣብ ብዙሕ ስራሓት ከተዓጻጽፈካ ዝኽእል ስርዓት እዩ፡ ከምኡ'ውን እንተ ተበላሸዩ ኣብ ምጽጋን ሓጺር ግዜ ይወስድ። ተወሳኺ ንገፈፍቲ ዓሳ ኣብ ምጉዓል ብዙሕ ሃልኪን ብኽኑት ግዜን ዓቢ ኣበርክቶ ኣለዎ።

ብፈሳሲ ዝሰርሕ ሓይሊ ኣብ ዝተፈላለየ ኣገባብ መግፈፊ መካበር፡ መጅዓፍ፡ ነዊሕ መቃጥን (longline)፡ ዝተፈላለዩ ጠምጠምቲን (winch) ኣልዓልቲን ማሽን ጥቕምታት ኣለዎ። ነዚን ኩሉን ኣገባብ መግፈፊ ዓሳ እትዘውር ሓንቲ ዓባይ ናይ ሃይድሮሊክ ጨንጓዒት ሞተር ምስ ቀንዲ ሞተር ናይ ጃልባ ብቑልፊ ዝተኣሰረት፡ እዚን ኣገባባት ኢጋፍፋ ዓሳ ብኣኣ ይዝወር። ዝኾነ ተወሳኺ ሞተረ እውን ኣየድልዮንን እዩ። ናይ ሃይድሮሊክ ዘይቲ ናይ ምጭባጥ ተኽእሎኡ ውሑድ ስለ ዝኾነ፡ ናብ ኩለን ናውቲ መግፈፊ ዓሳ ብዋዕእ ይበጽሕ፡ ኣብ ኩሉ እናዝረ ግቡእ ስራሕ ይፍጽም። ኩለን ናውቲ መግፈፊ ዓሳ ኣናተን መቈጻጸሪ ማርሻን ዝተፈላለየ ጥቕምን ኣገባብ ኢጋፍፋ ዓሳን ኣለወን።

መጅሓፍ ሓደ ካብቶም ተንቀሳቐስቲ ዓይነታት ምግፋፍ ዓሳ ኮይኑ፡ ብሓንቲ ወይ ብዙሓት መራኽብ እናተጐተተ ይሰርሕ። መጅሓፍ ኣብ ዓለም ንዊሕ ግዜ ክሰርሓሉ ዝጸንሐን ዘሎን ብገፈፍቲ ዓሳ ዝውቱር ኮይኑ፡ ብዓይኒ ቀኒጠባዊ ዕቤት ክርአ እንከሎ ድማ ብዙሕ ኣጉዳስን ኣብ ንግዲ ዓቢ ኣበርክቶ ዘጉብር ዘሎን'ዩ። ዝተፈላለየ ናይ መጅሓፍ ጀላቡ ከከም ዓቕመን ካብ 30 ክሳብ 10,000 ሓይሊ ፈረስ ዝውንና ሞተር ኣለወን። ኣብ ዓለም ብዙሓት ዓይነታት መጅሓፍ'ኳ እንተለው፡ እቶም ልሙዳት ብዝበዝሒ ዝሰርሓሉን ግን ኣብ ታሕተዋይን ማእከላይን ማያዊ ክፋል ዝሰርሕ መጅሓፍ'ዩ። እዚን ክልተ ዓይነት መጅሓፍ ዝኽተልአ ኣገባብ ማሰርሕ ግፋ ዝፈልየን ዝተፈላለየ ረቛሒታት ኣሎ።

ክልቲኦን መጅሓፍ ዝተፈላለየ ዓይነት መጥሓሊ ብምጥቃም ናብ ባሕሪ ይጥሕል እኳ እንተኾኑ ነታ ኣብ መሬት እትጐተት መጅሓፍ ተወሳኺ መጥሓሊ (outer board) ብጺጋምን የማንን ሸንኽ ናይ ሰከዐት ብሰንሰለት ብምእሳር ከም ዝጥሕል ይኸውን። እዚ መጥሓሊ ናይ ርብዕ ኩርናዕ ቅርጺ ስለ ዘለዎ ነቲ ሰከዐት ኣብ ታሕቲ ማያዊ ክፋል ሚዛኑ ሓልዩ ንኽበጉዓዝ የኽእሎ። ከምኡ እውን ኣብ ሰከዐት ዝእሰሩ መጥሓልቲ ከም ዝበዝሑ ገይርካ ኣብ ታሕቲ ወሪዱ ጽቡቕ ገይሩ ከም ዝኸፈት ይገብር።

ኣብ ናይ ማእከል ባሕሪ ዝግበር መጅዓፍ ግን መጥሓሊ ማለት 'ኦተር ቦርድ' ኣየድልዮን እዩ። ናይ ታሕቲ ማያዊ ክፋል መጅሓፍ ንህይወታውያን ባሕሪ ዘዕቁብ ፍዮሪ፡ ሰፍሃግን ሳዕሪ ባሕርን ዕንወት ከውርድ ስለ ዝኽእል፡ ንመጅሓፍ ዓይነት ኣግፋፋ ዝጥቀማሉ፡ ብመጽናዕቲ ዝተረጋገጸ ዝተፈቕደ ኣከባቢ ጥራይ ክኸውን ኣለዎ። ማእከላይ ማያዊ ክፋል መጅሓፍ ኣብ ኣከባቢ ዕንወት ስለ ዘየውርድ ኣብ ዝኾነ ቦታ ክግፈፈሉ ዝተፈቕደ እዩ። ታሕተዋይ መጅሓፍ ማያዊ ክፋል ኣብ ታሕታዋይ ክፋል ባሕሪ ስርዓተ መሓደሮ ዘለዉ ዓሳ ዕላማ ዝገበረ ክኸውን እንከሎ፡ ማእከላይ መጅሓፍ ድማ ኣብ ማእከላይ ማያዊ ክፋል ባሕሪ ዝነብሩ ወይ ዝንቀሳቐሱ ዓሳ ይገፍፍ።

ፈሳሲ ሃይድሮሊክ ፖምፓ ምስ ሞተረ ናይ ጃልባ ብቑልፊ ዝተኣሰረ ስለ ዝኾኑ ኩሉ ግዜ ሞተረ ኣብ ዝትስኣሉ ድሉው እዩ። ኩሉ ናውቲ መጅዓፍ ከም ዝተዳለወ ምስ ተረጋገጸ ጠቕላሊት ከበሮ (winch drum) ማርሻ ይወላዕ። ኣብ ታሕተዋይ ማያዊ ክፋል መጅሓፍ ምስ ዝኸውን፡ ኣብ ጠቕላሊት ከበሮ ዝርከብ ካብ 200 ክሳብ 300 ሜትሮ ዘለዎ ንውሓት ካዎ ወይ ብኣቻዩ ዝተሰርሐ ገመድ ምስ ኣጥሓሊት ብምእሳር ብኽልቲኡ ወገን የማናይን ጸጋማይን ምስ ሰከዐት ከም ዝተጐተተ ምስ ተረጋገጸ ብፍጥነት ናይ ጃልባ ካብ 1.5-2.5 ኖቲካል ማይል እናተጐዓዘት ንማሰርሕ ምግፋፍ ተኻይዶ።

እዚ ሜላ ኢጋፍፋ ኣብ ሐጻ ወይ ጭቃ ዓይነት ቢይታ ማያዊ ክፋል ዝዘርጋሕ ኮይኑ፡ ካብ 25-50 ሜትሮ ዘለዎ ዕምቈት ከኣ ተመሪጹ ይጉበሮ። መብዝሕትኡ ግዜ ንኽልተ ሰዓት ዝኣክል ኣብ ባሕሪ ዝጐተት እኳ እንተኾኑ፡ ሰከዐት ዓሳ



ነዊሕ መቕጦን (ሎንግላይን)

እንተ መለአ ወይ ከኣ ዝኾነ ርስሓት ኣብ ሰከዐት እንተ መለኡ ፍጥነት ናይ ጃልባ ስለ ዝቕንስ ብቕልጡፍ ሰከዐት ካብ ባሕሪ ነውጽኦ፡ ምኽንያቱ ምንቅስቓስ ናይ ሃይድሮሊክ ዘይቲ ስለ ዝጠዝሕ ሃይድሮሊክ ቱቦ ክትኮስ ይኽእል እዩ። ማእከላይ ማያዊ ክፋል መጅሓፍ ተመሳሳሊ ኣገባብ ማሰርሕ ምድርባይ ሰከዐት እኳ እንተ ሃለዎ፡ ፍጥነት ናይ ጃልባ ግን ካብ 2-4 ኖቲካል ማይል ኮይኑ፡ መጥሓሊ ኣየድልዮን እዩ።

ኣብ ሓሊብ ዝተሰርሓ ጀላቡ ኣብ ክንዲ ሰፍሳፊ ኮይኑ ዘገልግል፡ ብገመድ ዝሰርሕ ጠምጣሚ ስለ ዘለወን ናቱ ማርሻ ምስ ተወለዐ እቲ ጠቕላሊ ስሓቡ ኮይኑ ሰከዐት ካብ ባሕሪ የውጽኦ፡ ካብ መጅሓፍ ዝተሓፍሰ ምህርቲ ዓሳ ንመተሃራረፊ (ለዓፍ) ዓሳ ኣብ ነዊሕ መቅጥን ክጸውዱ ዝኽእሉ ብምፍላይ፡ ኣብ ግቡእ መዛሓሊ ዘለዎ መዕቀቢ ከም ዝጸንሕ ይግበር።


ነዊሕ መቃጥን ክብሃል ከሎ፡ ኣብ ነዊሕ ገመድ መተሃራረፊ ዓሳ ዘለዎ ዓንቃርቦ ብምጽዋድ ዝንጠፍ ዘመናዊ ሜላ ኢጋፍፋ እዩ። ኣገባብ ኢጋፍፋ ናይ ነዊሕ መቅጥን ፈለማ ኩሉ መሳርሒታት ከም መተሃራረፊ ዓሳ ተባሂሉም ዝተዳለወ ዓሳ ድሉዋት ምስ ኮኑ፡ ቅድሚ ማርሻ ምውላዑ መጥሓሊን ከረብን ኣብ ቀንዲ ገመድ ይእሰሩ። ቀጺሉ ገመድ ናብ ባሕሪ እናተደርበየ ለዓፍ ኣብ ዓንቃርቦ ይቕርቀር። ኣብ መንጎ ዘንሳፍፍ ዘሎ ከረብ ኣብ ቀንዲ ገመድ ብመቐርቀሪ ዝእሰር ልዕፍ ዘለዎ ዓንቃርቦ ምስ ተወደአ ቀንዲ ገመድ ይዓብተኽ። ድሕሪ ክልተ ወይ ሰለስተ ሰዓት ነቲ ገመድ ብሓይሊ ሃይድሮሊክ ትሰርሕ ናይ ነዊሕ መቃጥን ከበሮ ኣብ ዓንቃርቦ ዝተታሕዘ ዓሳ ይእከብ።

ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ኣብ ምርዓም እዚ ሓድሽ ቴክኖሎጂ መግፈፊ ዓሳ ኣብ ልምዳውያን ገፈፍቲ ዓሳ ዝተፈላለየ ስልጠናታት እናሰርዐ ዓቢ ተራ ይጻወት ኣሎ። ከም ወጽኢቱ ድማ ልምዳውያን ገፈፍቲ ዓሳ ጥቕሚ ናይዚ ሓድሽ ቴክኖሎጂ ተረዲኦም ኣብ መዓላ የውዕልዎ ኣለዉ። ምኽንያቱ መብዝሕትኦም ገልኑት ዓይነት መግፈፊ ይጥቀሙ ስለ ዝነበሩ፡ ኣብ ግዜ ቀትሪ ወይ ወርሒ እዋናት ብዓሳ ስለ ዝርኦ ብዝበዝሐ ዓሳ ክሕዙ ኣይክእሉን ነይሮም። ግዜኦም ድማ ኣብ ዕረፍቲ የሕልፍዎ ነይሮም። እዚ ከኣ ተወሳኺ ብደሆታት ከም ናይ ግፋ መዓልታት ከም ዝውሰኽን ብኡ መንጸር ድማ በረድ ቀልጢፉ ይሓቆምን ነይሩ።

ተጠቀምቲ ናይዚ ሓድሽ ቴክኖሎጂ ናውቲ ናይ መግፈፊ ዓሳ ማለት ነዊሕ መቃጥን ክኾኑ ምስ ጀመሩ ብመጠኑ ብደሆታቶም ተቐንጢጡ ኣብ ወርሒ ትወጽእ እዋንን ኣብ ቀትርን ብነዊሕ መቃጥን ኣገባብ ኢጋፍፋ ዓሳ ተጠቂሞም ክገፉ ክኢሎም ኣለዉ።

መካበር ሜላ ኢጋፍፋ ዓሳ ኣብ ግዜ ለይቲ መብራህቲ ብምጥቃም ዝካየድ ማሰርሕ ግፋ ዓሳ እዩ። ብርኽት ዝበለ ምህርቲ ዓሳ ዝሕፈሰሉ ኣገባብ ድማ እዩ። መልሕቕ ዝደርበየት ጃልባ ምስ ብርቱዕ መብራህቲ ኣብ ዓሳታት ዝርከብዎ ቦታ ትዕለ። ቀጺሉ ክሳዕ ብዝበዝሐ ዓሳታት መብራህቲ ርእዮም ምስ ተኣከቡ መብራህቲ ይጠፍእ እሞ፡ ናይ መካበር ሰከዐት ዝሓዘት ካልእ ጃልባ ኣብ ዙሩያ ዓሳታት ከቢባማ ዘለዉ ጃልባ ሰከዐት የኽብብ። ኑቲ ክልተ ጫፋት ናይ ሰከዐት ኣብ ብሓይሊ ሃይድሮሊክ ትሰርሕ ጠቕላሊት (ዊንች) ብምእሳር ይእከቡ።

ብሓፈሻ ምትእትታው ሓደስትን ምዕቡላትን ናውቲ መግፈፊን ሜላታትን ዓሳ ኢኮሎጂካዊ ሳዕቤናት ክህልዎ ስለዝኽእል ኣብ እንጥቀመሉ ግዜ ዕቱብ ምቁጽጻር የድልዮም እዩ።



ኣብ ክንዲ ሰፍሳፊት እተገልግል ማሽን




ጠቕላሊት መጅሓፍ

ብምትሕብባር ሚ/ሃ/ባሕሪ ዝዳሎ ዓምዲ

# ጽምብል ኮማዊ ዳሳት ኣብ ቴራቮሎ፡ ሰምበልን ኣገልግሎት ቤት ማእሰርትን

የሴፍ ሃይለማርያም

ዘለናዮ ቅንያት፡ ኣብ ወሻጢን ኣብ ደገን ዝነብር ህዝቢ ኤርትራ፡ “ማስመርና ድርዕና” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ዝሕገሰሉን ናጽነቱ ዘስተማቕረሉን ዘሎ ግዜ እዩ። ብምኽንያት መዓልቲ ናጽነት እኳይዶ ጽምብል ኮማዊ ዳሳት ድማ፡ ሓደ መድረኽ ናይ’ቲ ሓድነትናን ጽንዓትናን እነማስክረሉ፡ ኣብ’ዚ መድረኽ መኸተን ጉዕዞ ልምዓትን ኢድን ጓንትን ኲይንና፡ ብሓደ ህርመት እንንጉዓዘሉ እዩ። ቀጺልና እምበኣር፡ ኣብ ኮማዊ ዳሳት ንኢሳን ዞባታት ቴራቮሎን ሰምበልን ከምኡ’ውን ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ማእሰርትን ተሃድሶን ብዒሕና፡ ኑቲ ዝበረ ጽንብል ዳህሰስናዮ ኣለና - ሰናይ ንባብ–

ጉዕዝና ብንኢስ ዞባ ቴራቮሎ ምምሕዳር ከባቢ ዊና ኢና ጀሚርና። ፈለማ ከኣ፡ ናብ’ቲ፡ ብፎቶርሓታትን ጣንዲራታትን ብጸቡቕ ተሰሊሙ ዝጸንሓና ኣደራሽ ኢስክፖ ኢና ኣቲና።



ወ/ሮ ኣኽበረት ፍስሃየ



ወ/ሮ ልኡል ኣብርሃም

ግሩም ኣልባሳት ዝተኸደኑ ኣደታትን ኣቦታትን ብሓባር ምስ ኮሚቴ ናይ’ቲ በዓል፡ ኣጋይሾም ክቕበሉ’ውን ጸንሑና። ተቐማጦ ምምሕዳር ከባቢ ዊና ምስ ህጻናትን ተመሃሮን ደቆም ናብ’ቲ ሃገርገር ዝብል ኣደራሽ ኢስክፖ ብምምጻእ፡ ኣብ’ቲ ንኽምገቡሉ ዝተዳለወሎም ሓደ ክፍሊ ናይ’ቲ ኣደራሽ እናኣተዉ’ዮም ክምገቡ ጸኒሖምና። ተመጊቦም ምስ ወድኡ ከኣ፡ ኑቲ ዕለት ዝምልከት መግለጺ ተነበበ። ብድሕሪኡ፡ ንናጽነትን መኸተን ዝገልጹ ዝተፈላለዩ ስነ-ጥበባዊ መደባትን ደርፍታትን ሰዒቡ፡ ህዝቢ ድማ ምስ ደቁ ክዘናጋዕን ሓጎሱ ብሳዕስዒት ክገልጽን ወዒሉ።

ወ/ሮ ኣኽበረት ፍስሃየ፡ ኣመሓዳሪት ምምሕዳር ከባቢ ዊና እያ። ኑቲ ሰፊሕ ምድላዋት ብምግባር ዝዳለወ ጽምብል ኣመልኪታ ክትገልጽ ከላ፡ “ዚ መበል 34 ዓመት መዓልቲ ናጽነት፡ “ማስመርና ድርዕና” ዝብል ቴማ ሒዙና፡ ኣብ ኣደራሽ ኢስክፖ ተኣኻኺብና ብዘየዕርፍ ንምሕላፉ፡ ዘድሊ ሕሩድን ኩሉ ዓይነት ማስተን ኢና ኣዳሊና። ዓቢና ንእሽቶና፡ ኣብ ሓደ ኣደራሽ ተኣኪብና ከኣ ታሪኽና ናብ ደቅና ከሰጋግረሉ ብዘኽእለና ብሕጉስ መንፈስን ደስታን እናተዘናጋዕና ነሕልፎ ኣለና። እዚ ከኣ፡ ሳላ’ቶም ንስለ ናጽነትን ምኽባር ልኡላውነትን ዝወደቑ ሰማእታትና ዝተረኽበ እዩ” ብምባል፡ ንሓይልታት ምክልኻል የሃና ኢላ፡ ካብ ምምሕዳር ከባቢ ዊና፡ ወ/ሮ ልኡል ኣብራሃም ብወገኣ፡ “ናጽነት ንዓይ ክብረተይ’ያ። ምስ ህዝበይ እናተሓጎስኩ ቀሲነ ክነብርን ንፋስ ሓርነት ከስተማቕርን ስለ ዘበርከተ ከኣ፡ ዝልኣለም ትንበር። ኑቶም ሂወቶም ዝመጠዉልና ሰማእታትና ድማ፡ ዘለዓለ ክብርን ሞገስን ይኹኖም” ክትብል ሓጎሳ ገሊጻትልና።

መንእሰይ ኣማን ሞኸስ’ውን ሓደ ካብ’ቶም ተዓጠቕቲ ኮሚቴ ምምሕዳር ከባቢ ዊና’ዩ። ንሱ፡ ኑቲ ስምዒቱ ዘወናውን ሃዋህው ኣብዓላ ናጽነት ክገልጸልና ምስ ተወከስናዮ፡ “ብሰኑይ 19 ግንቦት፡ ሰለስተ ምምሕዳር ከባቢ ንኢስ ዞባ ቴራቮሎ ተጠርኒፍና፡ ንመተባብሮ ብዘረ ሳሆ ዝገልጽ ካርኒቫል ከቕርብ ብዝተዋህበና መምርሒ፡ ዝደነቕ ምርኢት ኣቕሪብና። ሕጂ ከኣ፡ ከምዚ ትዕዘቦ ዘለኻ፡ ተቐማጦ ምምሕዳር ከባቢ ዊና፡ ንናጽነቶም ምስ ደቆም ተሓቛቚፎም ብሰላምን ፍስሃን እዮም ዘብዕልዎ ዘለዉ። እዚ ከኣ ኑቲ ማስመርና ድርዕና ዝብል ጭርሖና ዝገልጽ እዩ” ክብል ኮማዊ ዳሳት ዓቢ መልእኽቲ ዘመሓላልፍ ኤርትራዊ ምትእኽኻብ ምዃኑ ሓቢሩ።

ተቐማጢት መዓስከር ደንደን ወ/ሮ ፋጥና ዓብደላ’ውን፡ ሓንቲ ካብ’ተን ምሉእ ኣልባሳት ብዘረ ሳሆ ተኸዲነን ኑቲ ብንኢስ ዞባ ቴራቮሎ ዝቐረበ ምርኢት ካርኒቫል ዘድምቓ ዝነበራ ኣደታትን ኣቦታትን እያ። ንሳ፡ ብምኽንያት በዓል ናጽነት ዓመት መጽአ ኣብ ጎደናታት ኣስመራ ዝቐርቡ ካርኒቫላት፡ መግለጺ ባህልናን መንነትናን ምዃኖም ጠቒሳ፡ ሎሚ ዓመት ብንኢስ ዞባ ቴራቮሎ ዝቐረበ ንብዘረ ሳሆ ዝገልጽ ምርኢት’ውን፡ ብሸቱ መዳዩ ምዕሩግን ንጹባቐን ዝገልጽ፡ ኑቶም ዝዕዘብዎ ዝነበሩ ህጻናትን መንእሰያትን፡ ብዙሕ ዝመሃሩሉን ምንባሩ ሓቢራ። ኩሉ ኤርትራዊ፡ ኣብ ኮማዊ ዳሳት ተኣኪቡ፡ ብሓባር መግቢ ክቋደስን ክዘናጋዕን ካብ ምርኣይ ዝዓቢ ከዕግበና ከኣ ገለጹ።

ቀጺልና ናብ ንኢስ ዞባ ሰምበል ኢና ኣምሪሕና። ብጉጅለታት ዝተጠርነፈ ኣባ ናይ’ቲ ንኢስ ዞባ ድማ፡ ብኣባላት ኮሚቴ ናይ’ቲ በዓል እናተመርሐ፡ ኣብ’ቲ ዝተዳለወሉ ኮማዊ ዳሳት ምስ ደቁን ደቂ ደቁን ብሕጉስ መንፈስ ደስታን ክቋደስን ክዘናጋዕን ጸኒሑና። ኣቦ መንበር ኮሚቴ ዳስ ምምሕዳር ከባቢ ቀጠባ ኣቶ ቢንያም ኪዳኑ፡ “መዓልቲ ናጽነትና፡ ክቡር ዋጋ ዝኸፈልናላ ሬዚን ምስጠር ዘለዋ ርእሰ በዓልትና’ያ። ብስም’ዛ ረዚን ዕለት፡ ማስመርና ድርዕና ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ኩልና ኤርትራውያን፡ ሓንቲ ማንካ፡ ሓንቲ መኸሰና፡ ሓንቲ መኣደና፡ ሓንቲ ድማ ዳስና ኲይንና፡ ምስ ተረኽበት ሕድሪ ደቅና ብሓደ እናተቛደስና ክንዘናጋዕን ክንሕገሰን ከለና ድማ፡ ክገልጾ ዘይክእል ሓጎስን ባህታን ፈጢሩልና” ክብል፡ እዚ ዘሎ ራህዋን ሰላምን ሓድነትና ኣስሚርና ክንዕቅቦ ኣዘኻኺሩ። ኣባል ኮሚቴ ኮማዊ ዳስ ‘ቀጠባ’ ተጋ/ ጺጋይ ተወልደ ብወገኑ፡ ናጽነትና፡ ካብ ተኸታታሊ መግዛእትን ግፍዕን ናጻ ዝወጻእናላ፡ ኣብ ዓለም ከም ህዝብን ሃገርን ህላወናን መሰልናን ብቕልጽምና ዘረጋገጽናላ፡ ንኤርትራ ድማ ኣብ’ቲ ናይ ክብሪ ቦታኣ ዘበጻሕናላ ዕለት ስለ ዝኾነት፡ ፍልይቲ መዓልቲ ምዃና ገሊጹልና። ተጋ/ ጺጋይ ኣስዒቡ፡ “ዛ ፍልይቲ መዓልቲ፡ ማስመርና ድርዕና ምዃኑ ኣረጋጊጽና፡ ዘድሊ እኽለ ማይ ኣዳሊና፡ ኣብ ሓደ መኣድን ኣብ ሓደ ዳስን ብደሙቓን ሰሙርን መንፈስ ከነብዕላ ከለና ከኣ፡ ንደቅናን ደቂ ደቅናን ታሪኽና እነውርሶላ ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ልቢ ነፍሲ-ወከፍና ንዘልኣለም ተወቒራ ትንበር” ክብል ሓጎሱ ኣካፊሉና።

ኣስዒብ ኣብልና ዝተወከስናዮም፡ ኣብ 1977 ናብ ሜዳ ዝተሰለፈት ጉዳም ተጋ/ ንግስቲ ኣኪያ (ጩራ)፡ ወ/ሮ ርዚና ሃይለስላሰ፡ ወ/ሮ ሰናይት ምሕረትኣብን ስነ-ጥበባዊ መብራህቱ ሰለሙንን ኮይኖም፡ “ንሕና ‘ኣነ ክጠግብ ንስኻ ብላዕ፡ ‘ኣነ ክዐርቕ ንስኻ ተኸደን፡ ‘ኣነ ክጸምእ ንስኻ ስተ፡ ‘ኣነ ክሰዋእ ንስኻ ጽናሕ’ ዝብል ጽኑዕ መትከልን ክብርታትን ሒዝና ብቕጽልምና ዘረጋገጽናያ ናጽነትና፡ ዝተፈላለዩ ሰውራዊ ደርፍታን ግጥምታትን፡ ብህጻናት ዝተዳለወ ድራማታት ገይርና ብምዕሩግ ኣገባብ ክንጽንብላ ከለና፡ ፍሉይ ሓጎስ’ዩ ዝሰምዓና” ብምባል፡ ኑቶም ከምዚ ኢልና ክንስዕሰዕን ክንሕጎስን ኣፍ ደገና ገጢ ኣብሎም ዋሕስ ኮይኖምና ዘለዉ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል የሃና ኢሎም።





ኮማዊ ዳስ ቀጠባ - ሰምበል

ብረቡዕ 21 ግንቦት’ውን፡ ኣባላት ኣገልግሎት ማእሰርትን ተሃድሶን ኤርትራ፡ ብምኽንያት መበል 34 ዓመት መዓልቲ ናጽነት፡ “ማስመርና ድርዕና” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ናይ’ቲ ክፍሊ፡ ዘድሊ ሕሩድን ኩሉ ዓይነት ማስተን ብምድላው፡ ሓቢሮም ክሕገሱን ክዘናግዑን ኣምስዮም። ኣብ’ቲ ናይ ድራርን ምዘንጋዕን መደብ፡ ሳዕለምት ሓለፍቲ ሃገራዊ ድሕነትን ሃገራዊ ሓይልታት ፖሊስን ጸጥታን ኤርትራን ተረኺቦም ነይሮም። እቲ ሰዓት 6፡30 ድ.ቀ ብኣዛዚ ኣገልግሎት ማእሰርትን ተሃድሶን ኤርትራ ብርጋዴር ጀነራል ግርማይ መሓሪ ዝተኸፍተ፡ ናይ ድራርን ምዘንጋዕን መደብ ከኣ፡ ብሃገራዊ ደርፍታትን ግጥምታትን ደሚቑ ኣምስዩን ኩሎም ኣባላት ንናጽነቶም



ወ/ሮ ፋጥና ዓብደላ



ኣማን ሞኸስ

ብልዑል ደምቀት ጸምቢሎምዎ።

ንማእከላይ ቤት ጽሕፈት ወኪሉ ቃል ዘስመዐ ጸሓፊ ክፍሊ ካፒተን እስቲፋኖስ ምናሴ፡ “ዝሓለፈ ጉዕዞ ናጽነትን መኸተን ዕወትን ውሒሰን ዝገበሮ፡ ቅኑዕ ማስመርናን ነቕ ዘይብል ጽንዓትናን’ዩ” ድሕሪ ምባል፡ ንዛ መግለጺ ስብኣዊ ክብረትናን መሰልናን ዝኾነት ናጽነት፡ “ማስመርና ድርዕና” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ብውዕውዕ ሃገራዊ መንፈስ ክንጽምብላ ዝዘበቅዕና ሰማእታትና ክብርን ሞገስን ይኹኖም ኢሉ። ንሱ ኣስዒቡ፡ ኣገልግሎት ማእሰርትን ተሃድሶን ኤርትራ፡ ዚ ክቡር በዓል ናጽነት፡ ዝተፈላለዩ ማሰናድኣታት ብምድላው፡ ኣብ ኩለን ኣብያተ ማእሰርቲ ንሃገራዊ ክብረት ብዘንጸባርቕ ምዕሩግ ኣገባብ ከም ዝጽንብሎ ጠቒሱ፡ “ኣብ ጎደኒ’ቶም ልኡላውነት ሃገር ከይድፈር ዋሕስ ህዝብን ሃገርን ኮይኖም ዘለዉ ጀጋኑ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ብምዃን ድልውነትና ነረጋግጽ” ኢሉ።



ኣባላት ኣገልግሎት ማእሰርትን ተሃድሶን ኣብ ሓዘሓዘ

# ዳየሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## እምባ ሓላል

22 ሰነ 2023

ሓሙስ 8:15ድ.ቐ.



“ሄለው፡” በልኩዋ ትጽቢተይ እናዕረፈ። ክድውል’የ ኢላ ከይደወለትለይ ብምውዓላ፡ ንናፍቖተይ መሊሳ ኣበሪኻቶ’ያ።

“ደዊለ፡ እንታይ ክብሎ’የ ኢለ ክሓስብ መስዩ እምባ ሓላለይ። ከመይ ኣምሲኻ?” በለትኒ። ከም ዝተረደኣኒ እቲ ክንበሃሃሎ ዝደለና ብሕቶይ ክትገልጾ’ያ ደልያ። ፍቕረይ ብዙሕ ኣይተዕልልን’ያ። ግን ኣብ ሕቶን መልስን ንፍዕቲ እያ። ሓሳባ ክትገልጽ እንከላ፡ ነታ ሕቶ ብሾሉ ሸነኻ ግልብጥብጥ ኣቢላ’ያ ትምልሳ። “እምባ ሓላል፡” ምባላ ዳየረይ ገሪምኪ ይኸውን። ሓደ መዓልቲ ብዛዕባ ኣብ ፍቕሪ እንኽፍሎ መስዋእቲ ከነዕልል ኣምሰና። ምስ ዕሙቕ ዝበለ ሓሳባት፡ ምስ ብዙሕ ሕቶታት፡ ንወግዒ ፍቕሪ ሰማይ ሰቐልናዮ። ነቲ ክልተና እንኣምነሉን እንቕበሎን ርድኢት ናይ መስዋእቲ ኣብ ፍቕሪ እትድርዕ፡ ‘እናተሸራረፍካ’ እትብል ግጥሚ ካብ መጽሓፍ ‘ርቀትካ ዕጣን’ ትዝ በለትኒ። ገዛ ምስ ኣተኹ ብመልእኽቲ ናይ ተለፎን ሰደድኩላ። እታ ግጥሚ ነዚ ሰዓታት ከነዕልለሉ ዘምሰና ገላጺትን ኣእማኒትን ምንባራ ነገረትኒ። ዳየረይ፡ ቀስ ባ በሊ፣ ሃሪፍኪ ምሽ ክነግረኪ! እንኪ በሊ፤

ምኹዕናንካ ባዕለይ ምስክሩ

ደረት ትርኢትካ መዓስ ተኸዊሉ

ርእሰይ ኣንቃዕሪሩ’ምበር መዓስ ደኒኑ?

እምባ ሓላል፡

ብጽሒት ዘይ’ንታይካ፡

ኢድ ፈቃር ኣምላኽ እተንብረሉ

ዝናብ ከጀርብብ ውዒሉ

ንዓኻ ንጉልጎል ዘይብሉ፡

ክንዲ ንዓይ-ንዓይ

ናይ ዘይበሰሉ፡

ጠጠሚዕካ ተንከራሩዎ

ጉላጉል ጸጊቡስ ዒቕ ኢሉዎ

ሰውነትካ ሃጉ ኣትዩዎ።

እናተሸራረፍካ እምበኣር’ዩ ፍቕሪ

ካባኻ ፈሊቑ ኣብ ፍታውካ ’ፈሪ

ናትካ ዘይምድላይካስ ብኡነት ኣፍቃሪ!

ፍቕረይ ከኣ፡ “ካብ ሕጂ ንዓኻ እምባ’የ ክብለካ፣ ኣይትገፍሓካ ኣይትጸበኻ፡” ምስ በለትኒ፡ ክሳዕ ሕጂ መቃባጠሪተይ ኰይና ኣላ። ናብዚ ናብ ሎሚ ክመልሰኪ ዳየረይ።

“ከመይ ነበረ ውዕሎ?” ሕሹኽሹኹኽታ ሰሓቓ ንዝሰመዓ ዘሎ ስምዒት ገለጽቲ እዮም።

“ግደ ሓቂ ክንዲ’ዚ ክትቅልጥፍ ኣይተጸበኹን። ካብቲ ስርዓት ንላዕሊ፡ ብስጉምቲኻ ተደኒቐ። ምስ ህያብ ሓፍተይ ዝገበርካዮ ምኽሪ ተዓዊትካሉ ኣለኻ፡” ድምጻ ልክዕ ብፎኩስ ትንፋስ ዝተነፍሐ ሻንቢቖ ዘውጽኣቶ ደሃይ ጠዓመ።

“እሞ ተሓጉስኪ ዶ?” ኣነ’ውን ኣብ ቅድሚኣ ዝገብሮ ዝነበርኩ ወዐይዐይ ጠፊኡኒ፣ ዝሕል’የ ኢለ።

“ቅድም ናትካ ስምዒት ግለጸለይ። ዝበዝሑ ኣወዳት ሽማግለ ምስዳድ ነታ ጓል ዝያዳ ከም ዘቕስን ክዛረቡ ይሰምዖም’የ። ፍቕረይ ንበይነይ ኢልካ ከም ዘይትገብሮ ይኣምን’የ።”

“ነታ ናይ መወዳእታ ሓሳብኪ ሓቂ ብምዃና ርእይቶ የብለይን። ጥርዚ ሓጐሰይ መግለጺ ኣይረኽበሉን’የ። ኣብ ከምዚ እዋናት ካብ ምንባር ትወጽእ ኰይኑ’ዩ ዝስመዓኒ። እታ ህሞት ፍልይቲ ስለ ዝኾነት። ማማ ደዊላ መዓልቲ መርዓ ምስ ነገረትኒ ግን ንብዓት ከይተፈለጠኒ ወረር ኢሉ። ተመሊሰ ከኣ ኣብ ስራሕ ንዝነበሩ ብጾተይ ሃንደበት ስዕም-ዕም ኣቢለዮም። ኣብ ውልቃውነት ዘሎኒ ኣጠማምታ ትፈልጢ ኢኺ። ቀባሕባሕ እዮም ኢሎም። ቀልጢፎም ከማን ኣይሓተቱንን። ድሒሮም ከም ዝበሉኒ ገለ ኰይነ ከይከውን ፈሪሖም ነይሮም።”

“እዋእ!”

“ይገርመኪ’ዩ። ዳሕራይ ምስ ነገርኩዎም እንታይ ድዮም ኢሎምኒ?” ከጠልጥላ ብምሕሳብ ስቕ በልኩ።

“ሕጹየይ ደሓን ዲኻ? እንታይ ድዮም ኢሎምኻ?” ምስ በለትኒ ሰሓቕ መጽኣኒ። እታ “ሕጹየይ” ምስ ሰማዕኩ ገለ ተሰሚዑኒ።

“እንታይ ደኣ ትስሕቕ? ክትነግረኒ ዲኻ ዘይደለኻ?” ኲርፎፍ በለት ከም ዝተረደኣኒ።

“ኣይትኹረለይ’ባ ሕጽይተይ፡” ምስ በልኩ፡ ንሳ’ውን ሰሓቐት። ካብ ፍቕረይን ሕጹየይን ምባል ኣየነይተን ስምዒት ከም እትህበና ኣዕለልና። ብናይ ክልተና ውሳነ ከኣ ፍቕረይ ክንበሃሃል ወሰንና።

“ፍቕረይ፡ ኣይረሳዕኩዋን ንገረኒ። እንታይ’ዮም ኢሎምኻ?” ትርርር ኢላ።

“‘ማዘርካ ድያ ኣማጺኣትልካ?’ ኢሎምኒ ይብለኪ። ብኸመይ ኣብ ጋብያ ልበይ ከም ዘእተኹኺ ካብ ክልተና ወጻኢ ዳየረይ ጥራይ’ያ እትፈልጦ። በሊ እንታይ ተሰሚዑኪ?”

“ዝተሰመዓካ’ኳ ኣይነገርካንን። ‘መግለጺ ኣይረኽበሉን’የ፡ ንብዓት ከይተፈለጠኒ ወረር ኢሉኒ’ ኢኻ ኢልካኒ። ኣነ ዝደለኹ ስምዒትካ ክትገልጸለይ፡” ኢላ ትም በለት። ርግጸኛ’የ ከምታ ዝተሰመዓትኒ ከም ዝተሰመዓታ፣ ፈሊጣ ነዚ ናተይ ከተፋኹሰ ትፋላሰፍ ዘላ። ዳየረይ ኣነኸ ገዲፈያ ድየ?

“በሊ ከምቲ ዝተሰመዓኪ ብቓላት ግለጽለይ?” ሕጂ’ውን ካብዛ ናተይ ብፍሉይ ክትገልጸለይ ኣይጽበን’የ።

“ቲቲቲት... ቂም፡” በለት ሞባይለይ፣ ሕሳብ ወዲኣ ዳየረይ። ‘ጓልኩም ሃቡና’ ዝያዳ ንወዲ ተባዕታይ ድዩ ዘቕስን ወይስ ንጓል ኣንስይቲ? ብዙሕ ዕላል’የ ዝሰምዕ፣ ኣብዛ ናትና ጉዳይ ግን ንኽልተና ማዓረ’ዩ። ኦይ በሊ ደዊላ ክምለሰኪ’የ።

ኲርናዕ

## ኣስመራ ብምሸት

23 ግንቦት 2018

11:30ድ.ቐ.



እቲ ብጻዕቂ ስራሕን ኣኼባታትን ተወጢሩ ዝወዓለ ኣካላተይን ኣእምሮይን ከም ቈልዓ ኣብ ዓራት ጠንቀላዕላዕ እናበልኩ ከዕርፍ እናተራእየኒ ካብ ስራሕ ወጻእኩ። እንተኾነ፡ ካብ ዓቐን ንላዕሊ እንተ ደኺመ ክድቅስ ከም ዘይክእል ካብ ሕሉፍ ተመኩሮይ ተገንዚበ እየ። ስለዚ እንታይ ተገበርኩ ከም ዝሕሸኒ እናሓሰብኩ ከለኹ፡ ሓደ መሳርሕተይ ዝሃበኒ ሓሳብ ዘኪረ፡ ከተግብሮ ወሰንኩ - ብእግረይ ክንዓዝ። “take a wake” ይብልዎ ኢንግሊዛውያን። ዋላ’ኳ ጠምየ እንተ ነበርኩ፡ ናይ ምብላዕ ሸውሃተይ ተዳኺሙ ስለዝነበረ፡ እንተ ዘሓለኒ ብማለት ጆላተ ክዕድግ ናብ ገዛ ባንዳ ኣበልኩ። ኢታልያኖ ኣትየ እተን ዝፈትወን ቾኮላታን ቫኒልያን ኣብ ኮኖ ዓዲገ ጉዕዞ እግሪ ፈለምኩ። ኣስካላ-ኣስካላ ማይ ጃሕ-ጃሕ ብህድኣት ብምውራድ፡ ብሓወልቲ ፑሽኪን ኣቢለ ናብ ጐደና ሓርነት ተጸንበርኩ። ካብ ሰስርሖም ዝተፈደሱ ሰራሕተኛታት ብዝተፈላለየ መኣዝናት ወረር-ወረር ክብሉ ዝተዓዘበብ ኣእምሮይ፡ “ናይ ዕረፍቲ ግዜ’ዩ ማለት እዩ፡” ብምባል ንእለቱ ክፈታታሕ ተሰመዓኒ።

ኵነታት ኣየር ኣስመራ’ውን ካብ ስራሕ ጸሓይ ዝተፈደሰ ክመስል፡ ጥሉል ንፋስ ከኣንግድ ጀምረ። ደወል ካቴድራል “ምስ ዘሎ ይሕሸኪ” ክብል ዝደለየ ይመስል፡ ካብቲ ኣትየዮ ዝነበርኩ መዓሙቕ ሓሳባት ኣውጺኡ ናብቲ ህይወት ዝለበሰ ምንቅስቓሳት መለሰኒ። ህንጻ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ከም ልማዳ ቈጸራ ሓልያ፡ ዝተጣፍኡ ዓርኪ-መሓዛ ኣብ ጐድና ኣብ ዘሎ ኣስካላ-ኣስካላ ከተራኽብ ጸንሓትኒ። “ኣስመራ ጸባብ እያ፡” ትብል ኣበሃህላ ብዙሕ ግዜ ዝሰምዓ ዝነበርኩ እያ። እዚ ግን ብስራሕን መነባብሮን ክዋጠር ምስ ጀመርኩ፡ ካብ ዕለታ ወጻኢት ምዃና በርሃለይ። ነዚ ዝተረደኣት ትመስል ህንጻ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ሕሉፍ ምሕዝነትን ፍቕርን ከተሐድስ ኩሉ ግዜ ኣብ ቦታ ቈጸራኣ ትርከብ። ካብ መን ሓሚቓ ኣብ ዝበላ ትያትር ኣዝመራን ሲቲ ፓርክ’ውን ብመብራህቲታት ወቒበን ንዓማዊለን ጆባእ ክብላ ጸንሓኒ።

ነቲ ርኢኻ ዘይጽገብ ጐደናታታ፡ ብርሃን ካብ ውሽጥን ደገን ተወሊዑ፡ ፍሉይ ሕብራዊ ጽባቐ ገበረሉ። ልዕሊ ኹሉ ግን፡ እቲ ካብ’ቶም ኣብ ጐደናታት ኣስመራ ዝሳግሙ ዝነበሩ ሰባት ሰንጢቑ ዘንጸባርቕ ዝነበረ ብርሃን ንመንፈሰይ ባህታ ፈጠረለይ። እቲ ካብቶም ንወለዶም ክጽበዩ ዝወዓሉ ቈልዑ ምስ ወለዶም ኢድ-ንኢድ ተተሓሒዞም ክዛወሩ፣ ሰዓት ቈጸራ ሃንቀው ክብሉ ዝወዓሉ ፍቑራት ተሓቛቚፎም ክሰዓዓሙ፣ ንህይወት ከም ሕንሳስ ጥዑም ጸብሒ ዘስተማቕሩዋ ናይ ዕድመ ሰብ-ጸጋ፡... ዝበርህ ዝነበረ ብርሃን ፍቕሪ፡ ባህታ፡ ልግስን ሰላምን፡ ነቶም ከምዚ ከማይ ብጻዕቂ ሓሳብ ጽባሕ፡ ትርጉም ሎሚ ክንርስዕ ዝተቓረብና ፍቱን መድሃኒት ኮይኑ ረኺበዮ። ነስመራ ኣብ ኣጋ ምሸት ኣዝየ ፈተኹዋ። ክሳብ ሲነማ ሮማ ዝበጽሕ ናበይ ከም ዝኸይድን በየን ከም ዘብልን ከይሓሰብኩ እግረይ ብዝመርሓኒ’የ ተዛንየን ህዱእን ሰላማዊን ምንቅስቓስ ሰባት እናተዓዘብኩን ዝኸይድ ነይረ። ኣብ ከባቢ ሽዳ ምስ በጻሕኩ ግን ኣብ ሓደ ቦታ ኮፍ ክብልን ነቲ ዝነፍስ ዝነበረ ጽሩይን ምኡዝን ኣየር ከስተማቕሮን ወሰንኩ። ተመሃሪት ኮለጅ ከለኹ ምስ ካልኣየይ ንኸዳ ዝነበርና ቦታ ትዝ ስለዝበለትኒ፡ ብቤት ትምህርቲ ቀይሕ-ባሕሪ ኣቢለ ዓቐበት ጸጸራት ተተሓሓዝኩዎ። ቤተ-ክርስትያን እንዳ ሚካኤል ንየማነይ ገዲፈ ናብ ፎርቶ ኣምራሕኩ። ብድሕሪ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ ኣብ ዘሎ ደንደስ ጽርግያ ድማ ኣዕረፍኩ።

ኣብቲ ጤረር ደው ምስ በልኩ፡ እቶም ኣቐዲሞም ኣብ ልዕለይ ኮይኖም ዘብርሁ ዝነበሩ ነዋሕቲ ፓሎታት ናይ መብራህቲ፡ ኣብ ምድሪ ቤት ከም ዝተነጸገ ዕንባብ መሰሉ። ሰማይ ኣብ ትሕተይ ዝወረደ’ሞ ከዋኽብቲ ሰማይ ከኣ ድንን ኢለ ክቑጽረን ዝኸኣልኩ ኮይኑ ተሰምዓኒ። ፍጹም ጸጥታኡን ሰላሙን ፍስሃን ሰላምን ኣሰፈነለይ። እቲ ንጹህ ኣየር ናብ መዓሙቕ ኣካላተይ ኣትዩ፡ ክቃጸል ዝወዓለ ሃልኪ ጸራሪት ብምውጻእ ንጽባሕ ዝኸውን ቦታ ጋህ ኣበለለይ። እታ ህሞት ንሓንሳብ ደው ክትብል ተመነኹዋ። ከይተረደኣኒ፡ ንጽባሕ ገለ ጉደል ስለዝኣኸለ ነቲ ጥዑም ንፋስን ሰላም ዝሰፈኖ ጽምዋን፡ ከም ጸባ ጡብ ኣደይ፡ ከይጸገብኩዎ ብባንኪ ደም ኣቢለ ናብ ቤተይ - ናብ ዕዳጋ ሓሙስ - ኣምራሕኩ።

ኣስመራ፡ ብርግጽ ኣብ ኣጋ ምሸት መቺእክኒ ኣለኺ! ጽባሕ ኣጋ ምሸት የራኽበና። ብሩኽ ለይቲ! ብሩኽ ወጋሕታ!

ወለላ ጓል ብርሃና

# ስፖርት

ሊድያ በረኸት

## ባጽዕ - ውድድር ቅድድም ብሽክለታ ተዛዚሙ

### ብቕዓት ደቂ-ኣንስትዮ ኣቓልቦ እንተዝግበረሉ.....

ብምኽንያት ጽንብል ናጽነት፡ ንሓሙሻይተ ሰናብቲ ክካየድ ዝጸንሐን ኩለን ደቪዥናት - ኣስታት 60 ተቐዳደምቲ ዝተሳተፍኦ - ሻምፕዮን ውድድር ቅድድም ብሽክለታ ከተማ ባጽዕ፡ ሰንበት 25 ግንቦት ኣብ ጽርግያ ኩትሚያ ብውዕወዕ ስፖርታዊ መንፈስ ተዛዚሙ።

ኣብ ናይ ዳርሮ ብወሃሉል ነጥቢ፡ ቀዳማይ ሰዒድ ማሕሙድ ብ23 ነጥቢ፡ ካልኣይ ሚልክያስ ዳዊት ብ20 ነጥቢ፡ ሳልሳይ መድሃኔ ተስፋጊዮርጊሽ ብ9 ነጥቢ፡ ኣንዋር ዑስማንን ቴድሮስ ሚካኤልን ነፍሲ-ወከፎም ሸውዓተ ነጥቢ (ሓንቲ መዓልቲ ጎደሎ) ራብዓይን ሓምሻይን ደረጃ ብምሓዝ ዋንጫ፡ መዳልያን ገንዘብን ተሸሊሞም።

ኣብ ቀዳማይ ዲቪዥን ማውንቴን ብድምር ነጥቢ፡ ካሊድ ዓብደለጢፍ ብ21 ነጥቢ ዕወት ናይቲ ውድድር ክኸውን ከሎ፡ ናትናኤል ያሬድ ብ15 ነጥቢ ቀዳማይ፡ ፊልሞን ሰለሙንን ኣማር ሰዒድን ድማ ነፍሲ-ወከፎም 13 ነጥቢ (ሓንቲ መዓልቲ ጎደሎ) ካልኣይን ሳልሳይን ብምዃን ዕወታት ኩይኖም።



ኣብ ናይ ካልኣይ ደቪዥን ማውንቴን፡ ሚልኣብ ክብርኣብ ብ26 ነጥቢ፡ መድሃኔ ዘርኣይ ብ14 ነጥቢ፡ ሙሴ ታደሰ ብ10 ነጥቢ፡ ቀዳሞት ሰለስተ ዕወታት ክኾኑ እንከለው፡ ሚሮን ጴጋይን ሬድዋን ሱሌማንን ነፍሲ-ወከፎም 9ን8ን ነጥቢ ብምውህሃል ራብዓይን ሓምሻይን ብምዃን ውድድሮም ዛዚሞም።

ኣብ ናይ ሳልሳይ ዲቪዥን ድማ፡ ቀዳማይ ኤዶም ቴድሮስ ብ28 ነጥቢ፡ ካልኣይ ኢብራሂም ማሕሙድ ብ15 ነጥቢ፡ ዑስማን ማሕሙድ ሳልሕን ሮቤል የሴፍን ነፍሲ-ወከፎም 11 ነጥቢ ብምውህሃል (ሓንቲ መዓልቲ ጎደሎ) ሳልሳይን ራብዓይን፡ ሰድ ምሕረትኣብ ብ7 ነጥቢ ሓምሻይ ብምዃን ክዕወቱ እንከለው፡ ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ናይ ማውንቴን ባይክ ዝተኻየደ ውድድር፡ ቀዳመይቲ ክርስቲና የናስ ብ36 ነጥቢ፡ ሳዕድያ ሐሴን ብ19 ነጥቢ ካልኣይቲ፡ መኽሰብ ዳኒኤል ከኣ ብ13 ነጥቢ ሳልሳይ ብምዃን ተዓዊተን።

ኣብ መዛዘሚ፡ ብሉጽ ጸወታ ዘርኣዩ ተቐዳደምቲ፡ ካብ ናይ ዳርሮ ሚልክያስ ዳዊት፡ ካብ ቀዳማይ ዲቪዥን ናትናኤል ኣማኑኤል፡ ካብ ካልኣይ ደቪዥን ሚልኣብ ክብርኣብ፡ ካብ ሳልሳይ ደቪዥን ኤዶም ቴድሮስ፡ ካብ ደቂ-ኣንስትዮ ድማ መኽሰብ ዳኒኤል ሽልማት ተዓዲሎም።

ቀጽሪ ተወዳደርቲ ብሓፈሻ፡ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ድማ ብፍላይ ኣቓልቦ ዘድልዮ ጉዳይ ከምዝኾነ ዝሓበረ ፈደረሽን፡ ኣብታ ከተማ ዝርከብ ትካላት ንተቐዳደምቲ ብጎንታ ዝጥርነፉሉ ባይታ ኣብ ምፍጣር ኣበርክቶ ክገብራ ተላብዩ። ኣመሓዳሪ ከተማ ባጽዕ ኣቶ ሃይለ ኣሰፍው፡ ከም መተባብዒ ንደቂ-ኣንስትዮ ሓንቲ ብሽክለታ ኣበርኪቶለን።

## ዙር ኢራን - ሚልክያስ ቀዳማይ፡ ዩኤል ሳልሳይ ኣትዩም



ኣብ ደረጃ 2.1 ዝዕቀን፡ ሓሙሻይተ መድረኻት ዘለዎ ውድድር ዙር ኢራን (ኣዘርባጃን)፡ ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ሚልክያስ ማእከለ ካብ ክሉብ ባይክ ኤይድ ቀዳማይ ብምዃን ናይ መድረኽ ዕወት ኮይኑ። ወዲ ጋንታኡ ዩኤል ሃብትኣብ ድማ ንዞርባዊ ጣህር ዩጊት ሰዒቡ ሳልሳይ ተርታ ብምሓዝ ኣብ ፖድየም ደዪቡ።

እዚ 153.8 ኪ.ሜ. ዝነውሓቱ ኣብ ሓውሲ ጎልጎል ዝተኻየደ ውድድር፡ ካብ ኡርሚያ ምዕራባዊ ክፋል ኢራን ናብ ታብሪዝ ምብራቕ ኣዘርባጃን ዝሸፍን እዩ ነይሩ።

ኣብ ሰዓት 44.3 ኪ.ሜ እናተሓዝበ ጸወታኡ ዝዛዘመ ሚልክያስ ማእከሉ፡ ኣብ ካልኣይ መድረኽ ብጫ ማልያ ለቢሱ ክውዳደር'ዩ።

ኣብዚ ውድድር ናትናኤል ብርሃ ካብ ክሉብ ኢስታንቡል ቡዩክሸሂር ሓምሻይ፡ ወዲ ጋንታኡ ኤሽን የማነ ድማ ሻምናይ ተርታ ብምሓዝ ኣርባዕተ ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ምስ ቀዳሞት 10 ኣትዮም።

ካልኣይ መድረኽ ዙር ኢራን፡ ሎሚ ካብ ኣራስ ናብ ኡርሚያ ዝዘርጋሕ 212 ኪ.ሜ. ዝሽፍን ፈታኒ ውድድር ክካየድ'ዩ። እዚ ውድድር ንመበል 37 ዓመቱ ይካየድ ኣሎ።

## "ምዕራፍ ኣል ነስር ኣብቂዑ ኣሎ!" ሮናልዶ

ፖርቱጋላዊ ኣጥቃዓይ ሰውዳዊት ክሉብ ኣል ነስር ክርስትያኖ ሮናልዶ፡ ክለቡ ብሰኑይ 26 ግንቦት ኣብ ዘካየዶ ናይዛ ዓመት መዛዘሚ ጸወታ ብኣል ፈታሕ 3ብ2 ብምስዓሩ፡ "እዚ ምዕራፍ ኣብቂዑ ኣሎ" ብምባል ምስታ ክሉብ ጸንሖቱ ከም ዘኽተመ ኣፍሊጡ።




እዚ ወዲ 40 ዓመት ብሉጽ ተጻዋታይ፡ ካብ ማንቸስተር ዩናይትድ ኣብ 2022 ናብ ኣል ነስር ከም ዝኾዘ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣብ ክረምቲ ናይዚ ዓመት ውዕሉ ከም ዝዛዘም ይንገር። ምምጻእ ሮናልዶ ኣል ነስር፡ ኣብ ፈለማ ዓመት 2023 ኣብ ታሪኻ ልዑል መጠን ኣታዊ ክትረኽብ ዘኽኣላ ኮይኑ፡ ሳውዲ ፕሮ ሊግ እውን ንብዙሓት ብሉጻት ተጻወትቲ ጠመተ ክስሕብ ፍናን ኮይንዎ'ዩ።

ሮናልዶ ኣብ 2023 ናብ ኣል ነስር ካብ ዘምርሕ ክሳብ እዛ ናይ ሰኑይ ጸወታ፡ ብድምር 98 ሸቶታት ኣብ 110 ጸወታታት ኣመዝጊቡ። ሓምለ 2023 ኣብ ዝተኻየደ መዛዘሚ ክሉብ ሻምፕዮንስ ካፕ ዓረብ፡ ክርስትያኖ ክልተ ሸቶ ብምምዝጋብ ኣል ነስር ንኣል ሂላል ረቲዓ ንፈለማ እዋን ጽዋእ ኩተልዕል ከምዝኸኣላ ይዝከር።

ኣል ነስር ኣብዚ ናይ ሕጂ መዛዘሚ ጸወታ ብምስዓሩ፡ ኣብ ዝመጽእ ዓመት፡ ኣብ ኤኤፍሲ ሻምፕዮንስ ሊግ ኣይክትሳተፍን'ያ።

ሮናልዶ 11 ሰነ 2026 ዝቕጽል ዋንጫ ዓለም ናይ መወዳእታ ተሳትፎኡ ክኸውን ምዃኑ ይንገር። ዝሓለፈ ሓንሳብ ንሓዋሩን ክሳተፎ ክቱር ባህጊ ኣሕዲሩሉ ዘሎ መድረኽ ዋንጫ ዓለም፡ ምስታ ብሕጂ ዝኸዳ ጋንታ ብምዃን ክጸንሮ እዩ።

## ውድድር ባይታ ተኒስ ዞባ ማእከል ቀጺሉ

ብምኽንያት በዓል ናጽነት፡ ካብ ትሕቲ 10 ክሳብ ልዕሊ 50 ዓመት ብምስታፍ ዝካየድ ዘሎ ውድድር ባይታ ተኒስ ዞባ ማእከል፡ ዝሓለፈ ቀዳመ-ሰንበት ኣብ ክሉብ ቤት-ጊዮርጊስ ቀጺሉ።

ኣብ ትሕቲ 10 ዓመት ደቂ-ኣንስትዮ፡ ኤላርያ ሰለሞን ንመኽሰብ ሙሴ 15ብ6/15ብ14 ክትረትዓ ከላ፡ ሄያብ ተኽለኣብ ንጽርሃበል ኣሰያስ 15ብ5/15ብ5 ስዒራታ።

ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ትሕቲ 12 ዓመት፡ ቅዱስ ሰለሞን ንዳኤል ብርሃ 6ብ4 6ብ1፡ ዮኣስ መሓሪ ንፍናን ፍስሃየ 6ብ3/6ብ3 ረቲዖሞም።

ኣብ ትሕቲ 14 ዓመት ደቂ-ኣንስትዮ፡ ዶራስ እንድርያስ ንኣርያም ተኽለሃይማኖት 6ብ2 ኣብ ካልኣይ እብረ ጸወታ ብታይም ብሬክ (time break) 7ብ5 በዲሃታ። መሪና ቴድሮስ ንሳራ ኤፍሬም 6ብ1/6ብ0 ረቲዓታ።

ኣብ ትሕቲ 16 ዓመት፡ እፍይታ ግርማይ ንጳውሎስ ሚኪኤል 6ብ2/6ብ0 ስዒሩዎ።

ኣብ ትሕቲ 18 ደቂ-ኣንስትዮ ሳሮን ልኡል ንኤልያና ኤልያስ 6ብ0/6ብ0፡ ሰምሃር መንግስተኣብ ንሚኪል የናስ 6ብ0 6ብ0 ስዒረንአን።



ኣብ ደቂ-ተባዕትዮ ዕድመ 19 ክሳብ 50፡ እሰይ ጉብረሂወት ንለዊ የማነ 6ብ0/6ብ2፡ ናኦድ ረዘነ ንሞገስ ዜና 6ብ2/6ብ3፡ ኣብ ልዕሊ 50 ዓመት ድማ፡ ገረዝጊሄር ጉብረመድህን ንመዃሾ ሃይለ 6ብ0/6ብ0፡ ኣሰፋው ገረዝጊሄር ንተወልደ ተኽስተ 6ብ0/6ብ0 ስዒሮሞም።

ኣብ ክሉብ ደምበሰምበል ብቐዳም ኣብ ዝተኻየደ ውድድር፡ ትሕቲ 10 ዓመት ኣሰና ሞገስ ንብሩኽ ኬብሮን 15ብ8/15ብ9፡ ሳምሶም ሙልጌታ ንኣብነሄር ቴድሮስ 15ብ11/12ብ15፡ ኣብ ሳልሳይ እብረ ድማ ጸወታ 15ብ7 ስዒሩዎ።

ኣብ ትሕቲ 12 ዓመት ቅሳት ተኽለይማኖት ንኤልዳና ብንያም 6ብ1/6ብ1፡ ቢታንያ ሙሴ ንኤልሃና ሙሴ 6ብ0/6ብ0 ስዒረናአን።

ኣብ ትሕቲ 14 ዓመት ደቂ-ተባዕትዮ፡ ኬሽን ዑቕባይ ምስ የናታን ሰለሞን 7ብ4/2ብ6 ኣብ ሳልሳይ እብረ ድማ 8ብ10 ወዲኦም። ብሩኽ ዕድልን ራምኪ ስምኦንን ድማ፡ ራምኪ 7ብ5፣ ኣብ ካልኣይ እብረ ብሩኽ 7ብ5፣ ኣብ ሳልሳይ እብረ ድማ ራምኪ 10ብ8 ስዒሩ።

ኣብ ትሕቲ 16 ዓመት፡ ሻሎም ኣማኒ 6ብ0/6ብ0 ንማርታ መንግስተኣብ፡ ሮዳ እንድርያስ 6ብ0/6ብ1 ንናሂር ፍስሃየ ስዒረንአን። ኣብ ትሕቲ 18 ዓመት፡ ሳልም ዓብደልዋሰ ንኬብሮን ሰለሞን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ልዕሊ 19 ዓመት ዲያና ተወልደብርሃን ንራሄል ሃብተ ብተመሳሳሊ ክልተ ግዜ 6ብ0 ስዒረናአን። ጲኒኤል ዳኒኤል ንኣስቴር ሙብራህቱ ድማ 6ብ4/6ብ1 ስዒራታ።

ሰንበት ኣብ ክሉብ ደንበሰንበል ዝተኻየደ ውድድር፡ ትሕቲ 10 ዓመት፡ ያዲኤል ኣንገሶም ንሮቤል ተ/ሃይማኖት 6ብ0/6ብ0 ስዒሩዎ።

ትሕቲ 12 ዕድመ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ከንኣን ሙሴ 6ብ0/6ብ1 ዲታና ኣስመሮም ስዒራታ።

ትሕቲ 14 ዕድመ ደቂ-ተባዕትዮ፡ ኣቤል ኣንገሶም ንምናሴ ሃ/ማርያም 6ብ1/6ብ1 ስዒሩዎ።

ትሕቲ 18 ዕድመ፡ የዲድያ ሳሙኤል ንየማነ ዓወት 6ብ4 ኣብ ቀዳማይ እብረ ጸወታ፡ 4ብ6 ኣብ ካልኣይ እብረ ጸወታ፡ ናይ መወዳእታ ታይም ብሬክ (time break) 10ብ6 ስዒሩዎ። ናትናኤል ታደሰ ንማትያስ በረኸት 6ብ4/6ብ3 ስዒሩዎ። ሊድያ ትኩእ ንሚላት ሃብተ 6ብ0/6ብ1 ስዒራታ።

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## “ትሕቲ 5 ሚእታዊት ካብ መሬት ቓዛ ጥራይ እዩ ክለምዕ ዝኽእል” ተባሂሉ

ኣብ ወሸመጥ ቓዛ ካብ ዝርከብ መሬት ትሕቲ ሓሙሽተ ሚእታዊት ጥራይ ክለምዕ ከም ዝኽእል፡ ብውድብ መግዛዕን ሕርሻን ማሕበር ሳተላይት ሕቡራት ሃገራትን ዝተረኽበ ሓድሽ ገምጋም ኣመልኪቱ።

ውድብ መግዛዕን ሕርሻን ኑቲ ኩነታት “ኣሰጋኢ” ክብል ብምግላጽ፡ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ቓዛ እትገብሮ ዘላ ደብዳብ፡ ንዓቕሚ ምፍራይ መግቢ እቲ ዞባ የዳኽሞን ንተወሳኺ ሓደጋ ጥሜት የቃልዕን ከም ዘሎ ኣጠንቂቑ።

እቲ ሓብራዊ ገምጋም ከም ዘመልክቶ፡ ልዕሊ 80 ሚእታዊት ካብ ጠቕላላ መሬት ናይ’ቲ ወሸመጥ ሕርሻዊ ምህርቲ ክፍሪ ኣይክእልን እዩ።

“እቲ ኩነታት ንትሕተ ቀርጺ ሕርሻ ጥራይ ኣይኮነን የሰግእ” ዝበለት ምክትል ዋና ዳይረክተር ውድብ መግዛዕን ሕርሻን ቤት ቤችዶል፡ እቲ ኩነታት፡ ንስርዓት ሕርሻን መግዛዕን ማስመራት ህይወትን እውን ዘፍርስ ምዃኑ ኣብሪሃ።

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን፡ እስራኤል ናብ ቓዛ ውሑድ መጠን ሓገዛት ክኣቱ ከተፍቅድ ምጅማራ እኳ እንተ ገለጸት፡ ትካላት ሰብኣዊ ሓገዛት ግን እቲ ቀረብ ናብቲ ኣብ ቓዛ ዝነብር ህዝቢ ይበጽሕ ከም ዘየለ እያን ዝወቕሳ ዘለዋ።



## ኡጋንዳ፡ ምስ ጀርመን ዝጸንሓ ወተሃደራዊ ዝምድና በቲኻ

ኣምባሳደር ጀርመን ኣብ ኡጋንዳ ኣብ ኣዕናዊ ንጥፈታት ክሳተፍ ከም ዝጸንሐ ዝሰሰሰ መንግስቲ ኡጋንዳ፡ ምስ ጀርመን ዝነበሮ ኩሉ ወተሃደራዊ ዝምድና ከም ዘቋረጾ ገሊጹ።

ኣፈኛ ሓይልታት ምክልኻል ኡጋንዳ ክራስ ማዘዥ፡ እቲ ክሲ ጠቕሲ ዘይተሰ ተኣማንነት ኣብ ዘለዎ ሰለያዊ ጸብጻባት ዝተመርኮሰ ምዃኑ፡ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ ኢክስ ኣብ ዝዘርገሖ ጽሑፍ ገሊጹ።

ማዘዥ፡ ኣብ መንጎ ኡጋንዳን ጀርመንን ንዝጸንሐ ዝጸና ይኹን ወተሃደራዊ ምትሕግጋዝ ዘበርህ ዝርዝር ሓበሬታ እኳ እንተ ዘይሃበ፡ ኣፈኛ መንግስቲ ጀርመን ግና፡ ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ወግዓዊ ወተሃደራዊ ምትሕብባር ከም ዘየለ ሓቢሩ።

ወተሃደራዊ ብዓል ስልጣንን ወዲ ንፕረዚደንት ኡጋንዳ የወሪ ሙሰቨኒ ዝኾነን ሙህዚ ካይኑሩጋባ ብወገኑ ኣብ ዝዘርገሖ ሓበሬታ፡ መንግስቲ ኡጋንዳ ምስ ኣምባሳደር ማትያስ ሻወር ደኣ እምበር ምስ ህዝቢ ጀርመን ጸገም ከም ዘይብሉ ገሊጹ።

እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ ኑቲ ዝቐረበሉ ክሲ ዝሓለፈ ሰሙይ ኣብ በርሊን ምላሽ ዝሃበ ኣፈኛ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ጀርመን ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ ኑቲ ክሲ “መሰረት ዘይብሉ ጠቕነ እዩ” ክብል ድሕሪ ምግላጽ ብትሪ ከም ዝኾነኖ ሓቢሩ።

ጀርመን፡ ንኸምዚ ዝኣመሰለ ክሲታት ከራጉድ ዝኽእል ዝኾነ ይኹን ድሕሪ ባይታ ከም ዘይብላ ድማ፡ እቲ ኣፈኛ ወሲኹ ገሊጹ።



## ኬንያ፡ ኣብ ሞሮኮ ኤምባሲ ከፊታ

ኬንያ፡ ዝሓለፈ ሰሉይ ኣብ ሞሮኮ ንፈለማ ግዜ ኤምባሲ ከም ዝኸፈተት ተገሊጹ።

ክልቲአን ሃገራት 60 ዓመታት ዘቖጸረ ዲፕሎማስያዊ ዝምድናአን ኣብ ዘኽብራሉ እዋን’ዩ እቲ ኤምባሲ ተኸፊቱ።


እቲ ኣብ ራባት - ርእሲ ከተማ ሞሮኮ ዝተኻየደ ናይ ምኽፋት ስነ ስርዓት፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሞሮኮ ናስር ቡሪታን ጸሓፊ ካቢነ ሚኒስተራትን ጉዳያት ወጻኢን ኬንያ ሙሳልያ ሙዳቫዲን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኢጋጥሚ’ዩ ተኻይዱ።

ብዘይካ’ዚ፡ ክልቲአን ሃገራት ኣብ ልምዓት ኣብያትን ከተማታትን ጉዳያት መንእሰያት፡ ዲፕሎማስያዊ ስልጠና፡ ምድንፋዕ ንግዲን ህንጻት ህዝባዊ ኣገልግሎትን ምትሕብባርን ንምሕያል ዝዓለመ ሓሙሽተ ስምምዓት ፈሪመን ኣለዋ።

ኣብቲ ኢጋጥሚ፡ ወጥን ርእሲ ምሕደራ ኣብ ምፍታሕ ጉዳይ ምዕራብ ሰሃራ እቲ እንኮ ዘላቒ ኣገባብ ምዃኑ ዝገለጸት ሞሮኮ፡ ኑቲ ውጥን ብወግዒ ኣድናቓቶ።

ኬንያ ኑቲ ብ ‘ግንባር ፖሊሳርዮ’ ዝፍለጥ - ምዕራብ ሰሃራ ካብ ቀጽጽር ሞሮኮ ናጻ ንምግባር ዝቃለስ ምንቅስቓስ ክትህቦ ብዝጸንሐት ደገፍ፡ ምስ ሞሮኮ ዝምድናኣ ንዓመታት ሻሕኪሩ እዩ ጸኒሑ።

ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ኣፍሪቃ ዝርከብ ኣከራኻሪ መሬት ምዕራብ ሰሃራ፡ ዝሰፍሐ ክፋሉ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ሞሮኮ ክኸውን ከሎ፡ እቲ ዝተረፈ ኣስታት 30 ሚእታዊት ድማ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ናይቲ ብኣልጀርያ ከም ዝድገፍ ዝነገረሉ ግንባር ፖሊሳርዮ ይርከብ።




## ደቡብ ኮርያ - ኣብ ልዕሊ ክልተ መራሕቲ ሃገር ነበር ናይ መገሻ እገዳ ተነቢሩ

ሰበስልጣን ደቡብ ኮርያ፡ ኣብ ልዕሊ እቶም ድሕሪ ፕረዚደንት ዩን ሱክ-ዮል ናብ ስልጣን ዝደየቡ ክልተ ግዝያውያን ፕረዚደንታት ነበር እታ ሃገር ናይ መገሻ እገዳ ከም ዝነበሩ ተሓቢሩ።

እቶም ሰበስልጣን ዝወሰዱዎ ስጉምቲ፡ ኣካል ናይቲ ኣብ ልዕሊ’ቲ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ወተሃደራዊ ሕጊ ንምእዋጅ ፈተነታት ዝነበረ ፕረዚደንት ነበር ዩን ሱክ ዮል ዘካይዱዎ ዘለዉ መርመራ ምዃኑ፡ ኣገልግሎት ዜና ‘ዮንሃፕ’ ዝሓለፈ ሰሉስ ሓቢሩ።

እቲ እገዳ ካብ መፋርቕ ወርሒ ግንቦት ጀሚሩ ኣብ ግብሪ ከም ዝወዓለ ዝገለጸ እቲ ኣገልግሎት ዜና፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ነበር ሃን ዳክሱን ሚኒስተር ፋይናንስ ነበር ቾይ ሳንግ-ሞክን እውን፡ በቲ ኣብታ ሃገር ተፈጢሩ ዝነበረ ናዕቢ ስለ ዝተጠርጠሩ መርመራታት ይካየደሎም ብምህላዉ፡ ካብታ ሃገር ከይወጹ ከም ዝተኸልከሉ ኣረዲኡ።

ዩን ሱክ-ዮል፡ ብ3 ታሕሳስ 2024 ሲቪላዊ ምሕደራ ንምፍራስ ብዘበገሶ ፈተነ ካብ ስልጣኑ ድሕሪ ምእላዩን ካብ ስርሑ ድሕሪ ምእጋዱን ብወግዒ ካብ ስልጣኑ ከም እተባረረ ይፍለጥ። ኣብዚ እዋን’ዚ ድማ ብሰንኪ እቲ ኣዋጅ ብናዕቢ ተኸሲሱ ናብ ቤት ፍርዲ ኣብ ምምልላስ ይርከብ።

ዩን በቲ ቀሪቡሉ ዘሎ ክሲታት ገበኛ ኮይኑ እንተ ተረኺቡ፡ ኣብ ታሪኽ’ታ ሃገር ብዘመሳሰሊ ተግባር ገበኛ ዝተባህለ ሳልሳይ ፕረዚደንት ክኸውን’ዩ።

ኣብ 1979፡ ክልተ ወተሃደራውያን መራሕቲ ናይ’ታ ሃገር ምስ ዕልዋ መንግስቲ ብዝተኣሳሰር ክሲ ካብ ስልጣን ከም ዝወረዱ ይሕበር።

ደቡብ ኮርያውያን፡ ድሕሪ ወተሃደራዊ ሕጊ ምእዋጅ ሰዒቡ ንኣዋርሕ ዝቐጸለ ፖለቲካዊ ዕግርግር፡ ዝመጽእ ሰሙን ተካኢ ዩን ክመርጹ ምዃኖም ተፈሊጡ ኣሎ።





## ንጉስ ብሪጣንያ ናብ ካናዳ ኣምሪሑ

ንጉስ ብሪጣንያ ቻርለስ ሳልሳይ፡ ንልኡላውነት ካናዳ ዘለዎ ደገፍ ንምርግጋጽ ዝዓለመ ምዃኑ ዝተገልጸ ናይ ክልተ መዓልታት ዑደት ንምፍጻም፡ ናብ ኦታዋ - ርእሲ ከተማ ካናዳ ከም ዝኣተወ ተሓቢሩ።

ንጉስ ቻርለስ ናብ ካናዳ ዝኣተወ፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ኑታ ሰሜን ኣመሪካዊት ሃገር ንምጉባጥ ኣብ ዝንቀሳቐሰሉ ዘሎ እዋን እዩ።

ንጉስ ቻርለስ፡ ብዕድመ ናይ’ቲ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ ዝተኻየደ ሓፈሻዊ ምርጫ ዝተዓወተ ቀዳማይ ሚኒስተር ማርክ ካርኒ እዩ ዝሓለፈ ሰሉይ ናብ ካናዳ ኣትዩ።

ንግስነት ብሪጣንያ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተታት ዓመታት ኣብ ፖለቲካዊ ጉዳያት ኢዱ ካብ ምእታው ተቖጠቢ ከም ዝጸንሐ እዩም ጸብጻባት ዘመልክቱ።



ቻርለስ፡ ኣብ መስከረም 2022 ንጉስ ብሪጣንያ ካብ ዝኸውን ንደሓር፡ ናብታ ቀደም ግዝኣት ዓባይ ብሪጣንያ ዝነበረት ካናዳ ምብጻሕ ክፍጽም እዚ ንፈለማ እዋን እዩ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ሰላማዊ | 28/05/2025 | ጎደና ሮራ መንሳዕ ቁ. ገዛ 19 ፊት ፋብሪካ ሚዛን ኢያሱ | 07463110 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565